# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.309 | ቀዳም 26 ነሓሰ 2023 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ቃል ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ መበል 15 ዋዕላ 'ብሪክስ'

ገጽ 3
ኣዋጃት መሬት፡ ንውሑስ ምሕደራ መሬት



ገጽ 4
ኣንበጣ ብረብ

ገጽ 6
ህልው ኩነታት ዓሳታት ውቅያኖስ ዝሕብር ቴክኖሎጂ




ገጽ 11
ሻምፒዮን ኣትለቲክስ ዓለም ኣብ ናይ መወዳእታ መድረኹ




# ፕረዚደንት ኢሳይያስን ፕረዚደንት ሰሪል ራማፎሳን ተመያዩጦም





ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ፕረዚደንት ሪፓብሊክ ደቡብ ኣፍሪቃ ሰሪል ራማፎሳን ትማሊ ኣብ ሰዓታት ቀትሪ ኣብ ከተማ ጆሃንስበርግ ርክብ ኣካዪዶም።

ኣብ ክልተኣዊ ዝምድና ብዝምልከት፡ ክልቲኦም መራሕቲ ንኣገዳስነት ምዕዛዝ ዝምድናታት ኤርትራን ደቡብ ኣፍሪቃን ንረብሓ ክልቲኡ ህዝብታትን ኪኖኡን ብምግንዛብ፡ ኣብ መጻኢ ብርክብት ላዕለዎት ሰበስልጣን ዝያዳ ንምድልዳሉ ክሰርሑ ተረዳዲኦም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ፕረዚደንት ሰሪል ራማፎሳን ሓባራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎም ዞባውን ኣህጉራውን ጉዳያት ኣብ ዝገበርዎ ዘተ፡ ሓባራዊ ብልጽግና ህዝብታት ንምርግጋጽ፡ ምትእስሳሮምን ምውህሃዶምን መሰረታዊ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣፍሪቃዊ ሕብረትን ቀጻሪ ብሪክስን ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ብኣተኩሮ ክሰርሑ ኣገዳሲ ከምዝኾነ፡ እዚ ክውን ክኸውን ድማ፡ ምህዳስ ኣፍሪቃዊ ሕብረትን ምምሕያሽ ቀጻሪ ብሪክስን ከምዘድሊ ተገንዚቦም።

ኣብ'ቲ ርክብ ብወገን ኤርትራ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሪፓብሊክ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣቶ ሳልሕ ዑመርን፡ ብወገን ደቡብ ኣፍሪቃ ድማ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሚስስ ናሌዲ ፓንዶር ተረኺቦም ነይሮም።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ምስኡ ዝተጓዕዘ ልኡኽን፡ ካብ ከተማ ጆሃንስበርግ ኣስታት 30 ኪሎሜተር ርሒቑ ኣብ ዝተደኮነ ትካል ቴክኖሎጂ ህንጻ ሃይድራፎርም (Hydraform) ዑደት ኣካዪዶም።

እዚ ትካል'ዚ ተገጣጣሚ ሕጡብ ከምኡ'ውን ንምድራብትን ናሕስን ዘገልግል ተርኺብን ንዓኡ ዝሰርሕ ማሽነሪታትን ዘፍሪ ኩይኑ፡ ሃልኪ ቸሚንቶን ተንዲናን ዘኽቲ ምዃኑ፡ ኣካየድቲ ናይ'ቲ ትካል ገሊጾምሉ።

# ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ምስ ዝተፈላለዩ ሰበ-ስልጣን ርክባት ኣካዪዱ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ጐድኒ-ጐድኒ ኣኼባ መራሕቲ ብሪክስን መሻርኽቲ ሃገራትን፡ ብቐደማይ ትማሊ ምስ ፕረዚደንት ደቡብ ሱዳን ሳልቫ ኪር ማያርዲት፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ሪፓብሊክ ጫድ ሳልሕ ኬብዛቦን ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሪፓብሊክ ቬነዙዌላ ይቫን ጊል ፒንቶን ርክብ ኣካዪዱ።

እቲ ርክባት፡ ኣብ ምምዕባል ክልተኣዊ ዝምድናታትን፡ ምልውዋጥ ርእይቶ ሓባራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎም ጉዳያትን ዘተኮረ ነይሩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ምስ ፕረዚደንት ሳልቫኪርን ቀዳማይ ሚኒስተር ጫድ ሳልሕ ኬብዛቦን ኣብ ዝገበሮ ርክብ ብተወሳኺ፡ ኣብ ሱዳን ዝቕጽል ዘሎ ግጭት ደው ንምባል - ጐረባብቲ ሃገራት ሱዳን ዝጀመርኦ ጻዕሪ ብዝበለጸ ክደፍኣሉ ኣብ ዘኽእል መዳያት ዘትዩ።

ምስ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሪፓብሊክ ቬነዙዌላ ዝተገበረ ርክብ ድማ፡ ኣብ ምድንፋዕ ቀጠባውን ፖለቲካውን ዝምድናታት፡ ብቐንዱ ድማ ኣብ ኣህጉራዊ መድረኻት ኣብ ዝግበር ምውህሃድን ምትሕግጋዝን ዘተኮረ እዩ።

ኣቐዲሙ እውን ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ምስ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሪፓብሊክ ቤላሩስ ሰርጌ ኣሊይኒክ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ዛዕባታት ከምዝዘተዩ ይዝከር።



# ቃል ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ መበል 15 ዋዕላ 'ብሪክስ'

ፈለማ፡ ምስ'ቶም ቀዲሞም ሓጺሮም ዝገለጹ ብምጽንባር፡ ንዓኻ ክቡር ፕረዚደንትን (ፕረዚደንት ደቡብ ኣፍሪቃ) ካልኦት መራሕቲ ሃገራትን መንግስታትን 'ብሪክስ'፡ መበል 15 ዋዕላ ከቲ ቃንዑ ብምብቃዕኩም እንቋዕ ኣሐጎሰኩም እብል።

ንህዝብን መንግስቲን ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ስለ'ቲ ዝሃብኩምና ምውቕን መስተንግዶኹምን ዓሚቝ ምስጋና።

እዚ ዋዕላ'ዚ፡ ግሎባዊ ማሕበረሰብ ኣብ ቀራና መንገዲ ኣብ ዝርከበሉ ወሳኒ እዋን'ዩ ዝቖየድ ዘሎ።

እቲ ነቢሱ ዘሎ ሓቛፊ ዘይርትዑ ዘቃዱ፡ ኢፍትሓዊ ሕግታትን መምርሒታትን ዝሕላገዑ ዓለማዊ ምሕደራ፡ መንቀብቱን ሕጽረታቱን ምግናን ዘድልዮ ጉሉሕ ጭቡጢ እዩ።

ኣመራጋ እትመርሖ ጸቢብ ናይ ፍሉያት ልፍንቲ (ፓንክስ ኣመራጋና) ንኣስታት ሓደ ዘመን፡ ሓባራዊ ግሎባዊ ዕብየት ዝዓንቀጸ ከቢድ ማህሰይቲ ኣውሪዱ እዩ።

ድሕሪ ካልኣይ ውግእ ዓለም ክልተ ቀጥባውነት ኢጋፈሩ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ 30 ዓመት እንኮ ቀጥባውነት ንምስጉዳድ ዝተኻየደ ሃቐ፡ እልቢ ዘይብሉ ሕልኽላኽ ግጭታትን ዘይምርግጋእን ኣኸቲሉ።

ሓባራዊ ረብሓን ባህግን ዝሰረቱ ትርጉም ዘለዎ ሽርክነት ኣብ መንጎ ሃገራትን ህዝብታትን፡ ኣብ ምዕሩይ ጸንባርን ፍትሓዊ ምቅሊት ሕብስተ-ሃገርን ዝምርኮስ ማሕበራዊ ሰናይ መጣምሩ ሕብረተሰብ ፈጢርካ ግሎባዊ ግስጋሰ ንምዕራግ ዝበለ ዕድላት፡ ንዋያ ገይሩዎ እዩ።

ኣብዚ ዝሓለፈ ክልተ ዘመናት ዝተመዝገበ ድንቂ ቴክኖሎጂያዊ ግስጋሰ፡ ብቐጻሊ ስሉምምባር ዓይነት ህይወት መላእ ወዲሰብ ክልውጥን ንሓባራዊ ዕብየት ከገልግልን ዓቢ ተኽእሎ ነይሩዎ እዩ።


እንተኾነ፡ ኣብዚ መበል 11 ሰዓት ከይተረፈ፡ እቶም ኣውራ ተሓለቕቲ ዕብለላ፡ ዓለምና ናብ ተረጸዩ ዘይፈልጥ ቅልውላው ክትሽመም ይደፍኡዋ ኣለው።

ኑቲ ብኣመራጋን ኔቶን ዝምራሕ ኩናት ኣቕራኒያ ንምግታር ዝርአ ዘሎ ልጓም ኣልቦ ዕርገት ወጥሪ ክትገልጾ ዘጸግም ዘቖጣሕጥሕ ሳዕቤናት ከስዕብ ዝኽእል እዩ።

ኣመራጋን ሰብ ኪዳናኑ ሰዓት-ታሪኽ ንድሕሪት ንምምላስ፡ ኑቲ ብቓላቶም ዘይደኽመን ዝብልዎ 'ግሎባዊ ልዕልናን ዕብለላን' ንምውሓስ ብሓደገኛ መገዲ ህልኽ፡ ኣብ ፈተነ ቅብጸት ተጸሚዶም ኣለው።

በዚ ፖሊሲታት'ዚ ኣብ ኣፍሪቃ፡ ማእከላይ ምብራቕን ካልእ ከባቢታት ዘገልገል መፀኪ ቃዝ ጥራይ'ዩ።

ትካላትን ኣሰራርሓ ኣምራት ግሎባዊ ምሕደራን ከም'ኡ'ውን ኣብ ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ተገጺቦሮ ዝርከብ መሳጢ መትከላት፡ ዝበዝሐ እዋን ብዘይሕጋዊ ኣሰራርሓን ሽርሒታትን ምስ ተሸርደነ'ዩ፡ ዓበይቲ ጉዳያት ዓለማዊ ሰላም ኣብ ሕጋውያን ኣህጉራዊ ኣካላት ምግልጋልን ካልእ ኣብ ማህደርም ዘሎ መቐጻዒ መሳርሒታትን ትእዛዝም ዘይቕበሉ ወገናት ንምግራፍ ወግሐ ጸበሐ ዝጥቀምሉም እዮም። ሞራላዊ ባይታ ንምርካብ ድማ እዞም ዓምጻጽቲን እኩያትን ፖሊሲታት ብመሳጢ ሓረጋት ተኻሒሐሰም፡ በቶም ሰፊሕ ዝርግሐ ዘለዎም ምእዙዛት ሚድያታቶም ብጾዕቂ



ዓለምን ኣብዚ ዝሓለፈ ዕቑዳት ዝተራእየን ዝቐጸል ዘሎን ኣዕናዊ ውግኣት፡ ዓቕሙ ይፈላለ ይኹን እምበር ብድምር ዘኸትሎ ዘሎ ዕንወት እምበረ መጠን ዝፍ እዩ። ኣብ ኒጀር ዘሎ ኩነታት መርኣያ ጥራይ እዩ - መርኣያ ዘመናዊ ገልያነት። ኩሉ'ቲ ንኤውሮጳ ምንጪ ጸዓት ዝኾውን ዘሎ ማዕድን 'ኡራንዩም' ናብ ኣፍሪቃ ተመሊሱ፡ ምንጪ ኤሌትሪክ ናይዛ ዝተሃመሸት ኣህጉር እንተዝኾውን ነይሩ፡ ኢልና ክንሓስብ ንኽእል ኢና።

ብዘዕባ ኣፈታትሓ ግጭትን ምጽጋን ሰላምን፡ ኩሉ ዝጸሓፍን ኣብኡ ዝጥፍ ትካላትን ንነደኒ ኣጸገምና፡ ብቐጥታ ይኹን ብውክልና ዝውላዕ ዘሎ ደማዊ ውግኣት፡ ዝበዝሐ ካብኡ፡ መፍትሒ ከይረኸቦ ብውዲታት ዝተሓንከረ እዩ። ዓቃብ ሰላም ሓይልታት፡ ሰብኣዊ ሓገዛት ወዘተ. ልዑል ጉዳሰን ሰዛርን ከምዘሎ ንምምሳል ቀረቡ ዝርኣየለን ብዩን ዝረኸበሉን ኩነት የለን። ኣብ ክንድኡ ኪዳናትን ጥምረት ገለ ወገናትን ዓጋቲ ሓይሊ ብምፍኳን ኣህጉራዊ ሕጊ ንምጥሓስ ምሩጽ መሳርሒ ኮይኑ ይርከብ።

ዘይሕጋዊን በይናዊን እገዳታት፡ ብኣመራጋ ዝዕብለሉ ፋይናንሻውያ፡ ቁጠባዊን ፍርዳዊን ትካላት ከም ኣጸዋር ይጋወሑ።

የግዳስ ምስዚ ኹሉ ሃልኪ፡ እዚ ማእዝኑ ዝሰሓተ ሓደገኛ ፖሊሲታት ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ዓርጣም ህዝባዊ ተቓውሞ እናፈጠረ ይመጽእ ኣሎ።

ውሑዳት ንነደኒ ኣጸገምቱ፡ ዝለዓለ ባህጊ ወዲሰብ ብጦቕልሉ፡ ርትዓውን ግዝኣተ ሕግን ዝምስሉ፡ ኣብ ምኽባር ናጽነትን ልኡላውነትን ሃገራት ዝምስረት፡ ንህዝብታት ርህራህ ዘለዎ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝማእዝኑ ፋይዳ ዘለዎ ምዕሩይ ሽርክነትን ምትሕብባርን ዘረጋግጽ ቅኑዕን ፍትሓዊን ግሎባዊ ስርዓት ክህሉ'ዩ።

እዚ ግና ቅርጺ ዘይሓዘ ባህጊን ምንቅስቓሳትን ክጸዓ፡ ኣብ ዝመጽእ ወሰንቲ ዓመታት ልዑል ምውህሃድ ክጠልብ እዩ። ነዞም ኩበርታትን ባህግታትን እዚኣቶም ዝቋደሱ ከም 'ብሪክስ' ይኹን ካልኦት ኣህጉራዊ ውድባትን መድረኻትን ከኦ፡ ርጡብ ዕላማታትን ስትራተጂታትን ኣጸሪርም ብምቕያስ ሓላፍነቶም ክስከሙ ይግባእ።

ርጡብን ሓባራዊ መሪዳእታ ዝሰረቱን ቅጥዒ ዝረዓመ ለበም ኣቀራርባ፡ ኑቲ ኣብ ማህደርም ዘሎ እከይ ስጉምቲታት ናይ ጸቕጢ ዓኹሊሉ ከምዝድገኖ ርጉጽ እዩ።

ኣብዚ መዳይ'ዚ፡ ብዘተፈላለየ ሕርያ መጻውርን ፍጥነትን ዝሰጉም ዘሎ ምልቓቕ ካብ ዶላር፡ ብቐጻሊ ወህደት ናብ ሓባራዊ ስጉምቲ ኣምሪሑ፡ ግጭታት ከወግድ ዝኽእል ቀዲሙ ኣህጉራዊ መድረኽ ክፈጥር ዝኽእል'ዩ።

ግጭታት ኣብ ዝተትረኹሉ፡ ኣብ ፍትሓውን ሓቛፍን ውሳነ ዘበጽሑ ኣልያታት ክፍጠሩ ይኽእሉ። ብተመሳሳሊ፡ ዕድላት ወህድን ኣድማዒን ስጉምቲ፡ ኑቲ ዘይዓግዙ ጥሙሖም ከርወዩ ዘማዕበልዎ፡ ኣጸዋር ኮይኑ ዘገልግሎም ዘሎ፡ ምስ ኣህጉራዊ ሕግን ቻርተር ሕቡራት ሃገራትን ዘይቃዶ ቁናን ፍርዳዊን ካልእን መሳርሒታት ኣብ ምቕናዕ ልዑል ግደ ክጻወት ይኽእል።

የቐንየለይ!

ጆሃንስበርግ
24 ነሓሰ 2023

---

## ዜና — መጓዓዝያ ሓራት፡ ንልዕሊ 4 ሚልዮን ህዝቢ ካብን ናብን ኣገልግሎት ሂቡ

ኩባንያ መጓዓዝያ ሓራት፡ ኣብ 6 ኣዋርሕ ናይዚ ዓመት ንልዕሊ 4 ሚልዮን ህዝቢ



ካብን ናብን ኣገልግሎት መጓዓዝያ ከምዝሃበ፡ ግዝያዊ ኣካያዲ ስራሕ ናይ'ቲ ኩባንያ ኣቶ ንጉሰ ገብረእግዚኣብሄር ሓቢሩ።

ኣቶ ንጉሱ ኩባንያ መጓዓዝያ ሓራት ኣብ ዓመተ-2022 ኣብ መላእ ሃገር 181 ዝርጋሐ መስመራት ከምዝነበሮ፡ ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ ናይዚ ዓመት'ዚ ድማ፡ ባረንቱ - ባድመ፡ ሰንዓፈ - ኣምባስተገለ፡ ኣስመራ - ዓዲፈለስቲ፡ ኣስመራ - ማይዓም፡ ኣስመራ - ኩዶብዐርን ኣብ ካልእን ትሽዓተ ሓደሽ መስመራት ከምዝኸፈተ ገሊጹ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት 6.3 ሚልዮን፡ ኣብ 6 ወርሒ ናይዚ ዓመት'ዚ ድማ 4 ሚልዮን ተሳፈርቲ ካብን ናብን ከምዝጎዓዘ ድማ ኣረዲኡ።

ኣብ ኩባንያ መጓዓዝያ ሓራት 1283 ሰራሕተኛታት ከምዘለው፡ እቶም ዝበዝሑ ድማ - ካብ ሃማማትን ብሞያ ቴክኒክ ካብ ዘሰልጥና ትካላት ትምህርቲ ዓዲ-ሃሎን ዝተመደቡ ምዃኖም ሓቢሩ።

ብርክት ዝበለ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ራብዓይ መምራሒ ፍቓድ መኪና ሒዘን ክሰርሓ ዞባታት ይኸዳ ከምዝለዋ እውን ገሊጹ።

ኣብ ትሕቲ ኩባንያ መጓዓዝያ ሓራት ዝርከብ ኣውቶቡሳት ንድሕነተን ዓመታዊ ተፋቲሸ ከምዝዋዕበረለን ዝሓበረ ሓላፊ ክፍሊ ኦፕረሽን ኩባንያ መጓዓዝያ ሓራት ኢንጂነር ናህም ስምኦን ብወገኑ፡ ምስ ሓደጋታትን ድሕነትን ብዝተተሓሓዘ - መካይንን ኩሎም ሰራሕተኛታትን ኣብ ኢንሹራንስ ምዝጉባት ምዃኖም ኣብሪሁ።

ኣብ ቀዳማይ ፍርቂ ዓመት 2023 ብዝገጠመ ሓደጋታት 150 ከቢድ፡ ማእከላይን ፎኲስን መቑሰልትን ሞት ናይ ሓደ ሰብን ከምዝገጠመ ጠቒሱ ድማ፡ ሓላሊፉ ዝጋጥም ሓደጋታት ንምግታእ ምስ መኻርኽቲ ፖሊስ ትራፊክ ብምትሕብባር፡ ኣብ ድሕነት ዘተኮረ ገንዘባት ከምዝወሃብ ኣረዲኡ።

---

## ህዝባዊ ቤት-ንባብ ከተማ ከረን ኣብ ባህሊ ንባብ ኣበርክቶ ትገብር

ህዝባዊ ቤት-ንባብ ከተማ ከረን፡ ኣብ ምምዕባልን ምኽሳዕን ባህሊ ንባብ ኣጉዱሲ ኣበርክቶ ትገብር ከምዘላ ሓላፊት ናይ'ታ ቤት-ንባብ ወ/ሮ ኣስቴር በርሀ ሓቢራ።

ምስ ምትእትታው ቴክኖሎጂካዊ መሳርሒታት፡ ዋሕዲ ተጠቀምቲ ደረቕ ጽሑፋት እኳ ደርኡ እንተሎ፡ ብድምጺ ተመሊኣም ኩሉ ብመንገዲ ዲጂታል ቤት-ንባብ ናይ ዝዝርግሑ ጽሑፋት ተጠቃምነት እናዛየደ ይመጽእ ከምዘሎ ኣረዲኣ።

ንባብ ኣብ ምዕባይ ንቕሓት ተመሃሮን ተወዳዳርነቶምን ዓቢ ተራ ከምዘለዎ ጠቒሳ ድማ፡ ባህሊ ንባብ ንምኽሳዕ ስሉሳዊ ዝምድና ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ወለድን ተመሃሮን ክሕየል ከምዝግባእ ኣስሚራትሉ።

ወ/ሮ ኣስቴር፡ ኣብ ህዝባዊ ቤት-ንባብ ከረን ዲጂታል ኣገባብ ተኣታትዩ ምህላዉ ብምሕባር፡ እኹላት ታብሌታትን ጽሑፋትን ስለዘለዉ፡ ተመሃሮ ተቐሪቦም ንዘሎ ጸጋታት ብዝዓበየ ክጥቀሙሉ፡ ወለድን መማህራንን ድማ ክተባብዕዎም ተላቢያ። ህዝባዊ ቤት-



ንባብ ከተማ ከረን፡ ብሓገዝ ማሕበር ቤት-መጻሕፍቲ ኤርትራ፡ ኣስመራ ዩኒቨርሲቲን ካልኦት መሻርኽትን ኣብ 2002 እያ ኣገልግሎት ጀሚራ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284




# ኣዋጃት መሬት፡ ንውሑስ ምሕደራ መሬት

ዓንደም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

(ካልኣይ ክፋል)

መሬትን ምሕደራኡን ብዝምልከት መግለጺ በብእዋኑ ኣዋጃት፡ ሕጋዊ ምልክታታት፡ መምርሒታትን መኣረምታታትን ከምዝወጽኡ ዝፍለጥ'ዩ። ዓምዲ ኣከባቢ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ ሕታማት፡ "ኣገባብ ምርሒትን ኣመሓድራን መሬት" ንምውሳን ኣብ ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ ቁ. 7/1997፡ ቁጽሪ 2፣ ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 31/1997 ዝወጸ ሕጋጋት፡ ከምኡ'ውን "ንምዝገባ መሬትን ካልእ ዘይንቀሳቐስ ንብረትን" ዝምልከት ኣዋጅ ቑጽሪ 95/1997 ኣኣንጊዳ ምንባራ ይዝከር። እዚ ኣዋጃት'ዚ ኣብ ዓምዲ ኣከባቢ ደገምካ ምቕራቡ ዝተደልየሉ፡ ሕብረተሰብና ብስፍሓት ክርድኦ ብዝዘበል ዕላማ'ዩ። ዓምዲ ኣከባቢ ብዛዕባ'ዚ ሕጋጋት'ዚ ተወሳኺ መብርሂ ንምርካብ ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ምስ ኣቶ ጺጋይ ተኣምራት፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ግዝያዊ ኣካያዲ ስራሕ ክፍሊ መሬት፡ ዝተኻየደ ቃለ-መሕተት ቀዳማይ ክፋሉ ሓቢሩትልኩም ቀሪብ ነይሩ። መቐጸልታኡ ይስዕብ፦

- **ማሰል ተጠቃምነት ሕርሻ ዝተወሃቦ ሰብ ዘለዎ ዓቕሚ ኣውፊሩ ክሰርሕን ፍሩ ጻዕሩ ክሓፍስን ም እቲ ኣዋጅ ዝኣክል ግዜን ዕድልን ከምዝሃቦ ኣቐዲምካ ገሊጽካ ነይርካ። ምስዚ ተሳዒሉ ዘሎ ኣርእስቲ ተኣሳሲሩ ዝግለጽ ካልእ እንታይ ኣሎ?**

ምስዚ ጉዳይ'ዚ ተኣሳሲሩ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ንምጥርናፍ ዝተኸፋፈለ መሬት ዝምልከት ጉዳይ ኣሎ። ሓረስቶት ሕርሻኦም ከማዕብሉን ኣብ ልምዓት ዝሕግዞም ማሽነሪታት ክተኣታትውን እንተደኣ ኮይኖም፡ ኣብ ክንዲ ፋሕ ዝበለ ጸቢብ ቃጽያታት፡ ሓደን ገፊሕን መሬት ክውንኑ ኣለዎም። እዚ ኣዋጅ'ዚ ክልተ ሰለስተ ሓረስቶት ተጠርኒፎም ብጥሙር (land-consolidation) ክሰርሑ ዝድርኽን ባይታ ዝፈጥርን እውን እዩ።

ኣብ ኣብታዊ ስርዓት ሕርሻዊ መሬት፡ ሓረስቶት ንግራውቶም ከም ኩነታቱ ገሊኡ ንእንግጢዕ ገሊኡ ንብልዶንጓ ገሊኡ ንጻዕዳ እኽሊ ወዘተ. መቓቒሎም ዝፍብ ከረምቲ ተጻብዮም ይዝርእዎ ነይሮም። መሬት ሕርሻኦም መቓቒሎም ክጥቀሙሉ ዝድርኾም ቀንዲ ምኽንያት፡ ተኽእሎ ደርቂ፡ ሓይጋ ባልዓት...ወዘተ ንምውጋድ (risk averting) እዩ።

"ማይ ቀርኒ ይፈለ፡" ከምዝበሃል፡ ሓረስቶት ዝበዝሕ ክፋል ሕብረተሰብና ዝጥቀምሉ ኣገባብ ገና ካብ ያታውያን ናወቲ ማሕረስ ኣይተላቐቐን ዘሎ። እዚ ድማ፡ ካብቲ ዝጸንሐ ንጥፈታቶም ፈሊኻ ክበሎም ዝኽእል ኣይኮነን።



ኣቶ ጺጋይ ተኣምራት

መጻናዕቲታት ከም ዝሕብርዎ፡ እቶም ሓረስቶት ካብ ሓንቲ ግራት ናብ'ቲ ካልእ ግራት እናተናጠሩ ክሰርሑ፡ ሓደ ሰሶ ናይ ግዜኦም ኣብ ኮለል እዮም ዘጥፍእዎ። ግዜኦም ጥራይ ዘይኮነ ግን፡ ርእሱማሎም እውን ብኸንቱ ይባኽን። እዚ ንምቕያር ሓብራዊ ጻዕሪን ኣደህቦ ዝምልከቶ ኣካልን የድሊ። ሚኒስትሪ ሕርሻ ብወገኑ ፍርያት ምህርቲ ንምኽዕባት ልዑል ፍረ ክህቡ ዝኽእሉ ኣዝርእቲ ኣተኣታትዩ ይሰርሕ ኣሎ። ማዕረ ማዕረኡ ሓመድን ማይን ናይ ምዕቃብ ስርሓት እውን ብቐጻሊ የካይድ እዩ፡ ከም ወጽኢቱ መሬት ኣህብዚምካ ምህርቲ ኣብ ምኽዕባት ዝኣክል ተሞኩሮ ተደሊቡ ኣሎ። በዚ ድማ፡ ምምቕቓል መሬት ሕርሻ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ተረፉ፡ ብጥርኑፍ ኣብ ሓደን ንቡር ቅርጺ ዘለዎን ገፊሕን ግራት፡ ርእሱማሎም፡ ግዜኦምን ፍልጠቶምን ብምውፋር፡ ልዑል እቶት ዝረኽቡሉ ባይታ ይፍጠር ኣሎ።

"ኣዋጅ መሬት፡ ንነግዳዊ ሕርሻ ብኸመይ ይጥምቶ?" ክምለስ ዘለዎ እዩ። ዓቕሚ ዘለዎም ኣውፊሮት፡ መሬት ተጠቒሞም ወልቀ ሓረስቶት ክገብርዎ ዘይክእሉ ወፍሪ ክገብሩ ይኽእሉ እዮም። በቲ ይኹን በቲ ከኣ መሬት ግቡእ ክንክን እናተገበረሉ ኣብ ጠቕሚ ክውዕል ኣለዎ። ብፍላይ እቶም ዓቕሚ ዘለዎም፡ ነቲ ዝተኸረ መሬት ከይተረፈ ኣህብዚሞም ክረብሕሉ ይኽእሉ እዮም። መሬት ክዕቀብን ብኣድማዕነት ኣብ ጥቕሚ ክውዕልን ስለዝለዎ እምበኣር፡ እቲ ኣዋጅ ብሕልፊ ዓቕሚ ዘለዎም ሓረስቶት ዓቢዩም ክሰርሕሉ ናይ ወፍሪ ዕድላት ዘርሒ'ዩ። ዓንቀጽ 8 ናይቲ ኣዋጅ፡ ብሃገር ደረጃ ዝህልዉ ዓበይቲ ወፍራታት ብፍቓድ ፕረዚደንት ወይ ንሱ ዝወከሎ ኣካል ከምዝፍቀዱ ይገልጽ። እዚ ዓንቀጽ'ዚ፡ ዓበይቲ ወፍራታት ክንብሩ ንዝደልዩ ናይ ወሽጢን ግዳምን ኣውፈርቲ ትኻላት ዕድል ንምሃብ ተባሂሉ ዝሰፈረ እዩ።

- **ኣዋጅ መሬት፡ ኣውፈርቲ ክሕልውዎ ምምሕያሽን ኣብ ዘድልዮ መሬት ወፍሪ ክገብሩ ከምዝድርኽ ገሊጽካ። ንኣተግባብራኡ ዝምልከት'ከ?**

ኣዋጅ ከሉ ግዜ ሓፈሻዊ እዩ። መሬት ከኣ ክዕቀብን ብጥንቃቐ ክተሓዝን ኣለዎ። ኣውፈርቲ ንመሬት ክከናኸኑን ክቐይርዎን ኣለዎም። በቲ ካልእ ሸነኽ እቶም ልዑል ዓቕሚ ስለዘለዎም፡ ንውልቀ ሓረስቶት ክዕብልልዎም የብሎምን። ንኣተግባብራኡ ዝምልከት ከኣ ስትራተጂ ኣሎና። ልዑል ዓቕሚ ዘለዎም ኣውፈርቲ ሓረስቶት፡ ንምዕቃቡ ብዙሕ ወፍሪን ዓቕምን ዝሓትት መሬት ክምርሓሎም ኣለዎ። ኣብ ገለ ከባቢታት ኣብ ከም ጋሽ ባርካ ኣብኡ እንተደኣ ርኢና፡ እቲ መሬት ትሕዝቶኡን ስፍሓቱን ተመሳሳሊ እዩ። ሓረስታይ እቶታውነት ከኻዕብት መሬት ሕርሻኡ ኣብ ምህብታም ልዑል ጻዕሪ ክካይድ ኣለዎ። ኣግራብ እናቖረጽካ ሓመድ ንፍግረ-መሬት ምቕላዕ ብዓይኒ ምሕደራ መሬት ዘሉትት እዩ። ስለዚ መሬት ከይተንከፍካ ምጉዓፍ እቲ ዝበለጸ ዕቃብኣዊ ኣማራጺ እዩ።

ብሕልፊ ኣግራብ እናቖረጽካ ዝግበር ምድላው መሬት ሕርሻ ኣዝዩ ኣሰኻፊ እዩ። በዓል ማዚ ኣግራብን ኣንስሳ ዘቡዓምን ዝ. ጸቡቕ ገይሩ ሐዚዎ ኣሎ። ንሕና ከም ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ከኣ በዚ ዕጉባት ኢና። ዕጉባት ጥራይ ዘይኮንና ገለ ሚእታዊት መሬት ብኣግራብ ዝተሸፈነ ምስ ዝኸውን፡ ንሕርሻ ይኹን ንህንጻ ክውዕል ንሕና'ውን ኣይንፍቅድን ኢና። ብሓፈሻ ትካላት መግለጺ እናተመሓልአ ዝፍጸምኦ ዘለዋ ስርሓት ክንኣድን ክተግበሮን ዝግበኦ እዩ። ስለዚ ኣብዚኦ ከስምረላ ዝደሊ ነጥቢ፡ ኣወፋሪ ጸቡቕ መሬት ክወስድ የብሉን ዘይኮኑ፡ ብፍላይ ኣብ ከቦታት ሃገርና ህዝብና ዝጥቀመሉ መሬት ክወስድ ግቡእ ኣይኮነን። ኣብ ክንድኡ ሓረስቶት ዘይጥቀምሉ መሬት ኣህብቲሙ ኣብ ጥቕሚ ከውዕሎ ኢና እንተባብዖ።

- **ኣዋጅ መሬት 58/94 ንዜጋታት ማዕረ ማሰል ተጠቃምነት መሬት ዝህብ'ዩ ክንብል ንኽእል'ዶ?**

እዚ ኣዋጅ'ዚ ንዓይነት መሬትን ሓመድን፣ ከምኡ'ውን ንብዝሒ ህዝቢ ኣብ ግምት ኣእቲዩ ንኸሉ ዜጋ ምዕሩይ ክዝርርዩ ዝጽዕት። ምስ ትግባረኡ ዝተሓላለዘ ሓደ ፓይሎት ፕሮጀክት ኣብ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ተግቢርና ነይርና። በቲ ዝጀመርናዮ ኣብ መፋርቅ ግዝኣት ንሓረስቶት መሬቶም ከረክቦም ነይሩና። ይኹን'ምበር ኣብ መንጎ ግዜ ማሕረስ ስለዝርከበና፡ ለይትን መዓልትን ብዘይ ዕረፍቲ ከቢድ ስራሕ ኢና ሰሪሕና። ብሓገዝ ሰእሊ ሳተላይት ተደጊፍና፡ መሬት እንታይ ይመስል እናረኣና፡ ንዝሕረስ መሬት ሰቡሕ፡ ማእከላይን ረቂቕን ኣብ ሰለስተ ከፋፊልና ሐዚናዮ። ነፍሲ-ወከፍ ቃጽያ መራኸቢ ነጥብታት (coordinates) መለለዪ ገይርና መቒልናዮ። በዚ ኣገባብ ምስራሕና ብዙይ ምኽንያት ኣይተዋን። ግርጭታት ምስ ዝለዓል ተሰላሊቡ፡ ደረቶም ብቕልሉ ክፊልጡ ዝሕግዝ እዩ። ኣቦታትና ከም ዝበልዎ፡ ስጋን መሬትን



ኣደላዳልካ ክትመቕሎ ኣጸጋሚ'ዩ። ስለዚ ንምምዕርራዩ ወይ ንምድልዳሉ ከቢድ ስራሕ ኢና ሰሪሕና። እቲ ሰቡሕ መሬት 5 ሽሕ ትርብዒት ሜትሮ፡ እቲ ማእከላይ 6 ሽሕ ትርብዒት ሜትሮ፡ እቲ ረቂቕ ድማ 7500 ትርብዒት ሜትሮ ገይርና ቀሪጽናዮ። እቶም ሰቡሕ ግራት ዝወጽሖም ንእስ ዝበሉ፡ ረቂቕ ዝወጽሖም ድማ ገፊሕ መሬት ወሲዶም ማለት እዩ። እቶም ርቂቕ ግራት ዝወጽሖም ሓረስቶት መሬቶም ሰሪሖም ክቕይርዎ ትጽቢት ስለ ዝገበረሎም፡ ክተባብዑ ምእንቲ ሓገዝ ናወቲ ማእቶት ኣፍራዛ፡ ባዴላ፡ ዓረብያ...ወዘተ ተገይሩሎም።

- **ማሰል ተጠቃምነት መሬት ንደቀንስትዮ ብዝምልከት'ከ እንታይ ትብል?**

ኣዋጅ መሬት ንኹሉ ሰብ ሃይማኖት፡ ብሄር፡ ጾታ...ወዘተ ብዘይፈሊ ዝርኢ እዩ። ኩሉ ዜጋ መሬት ክወስድ ኣብ ዝግብኣሉ ዕድመ ምስ በጽሐ ይወሃብ። ብናትና ኣዘራርባ፡ 'ብጽሒት' እንበሎ፡ ብኣብታዊ ኣዘራርባ ድማ 'ቀርኒ' ወይ 'ፍርቂ ግብሪ' እንብሎ መሬት ይወሃብ። ንኣብኡ ሓንቲ ስድራ ሓንቲ ኣሃዱ ኢያ። ክልቲኦም ሰብኣይን ሰበይትን ጥቓን ጥቓን ሰሊሆም ብጽሒቶም ይወስዱ። እታ ስድራ ክኣ ክልተ ብጽሒት ወይ ምሉእ ግብሪ ትወስድ ማለት እዩ። ምፍልላይ ምስ ዘጋጥም ከኣ፡ ነታ መሬት ኣብ ክልተ መቒሎም በብጽሒቶም ይሕዙ።

ሓዳር ዘይብለን ልዕሊ 30 ዓመት ዝዕድመአን ደቀንስትዮን ዝወለዳ ወይ ካብ ሓዳረን ዝተፈላለያ፡ ብቐጥታ ጸግዐተኛታት ናይ ስድራአን ክኾና ስለዘይብለን፡ ማሰል ጤሳ ይኹን መሬት ሕርሻ ብጽሒተን ይወሃበን። በዚ መገዲ'ዚ፡ ኣብቲ ኣቐዲመ ዝገለጽክዎ ፓይሎት ፕሮጀክት ናይ ሓሙሽተ ዓዲታት ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ፡ 38.6 ሚእታዊት መሬት ብደቀንስትዮ ንዝምራሓ ስድራታት እዩ ተዋሂቡ። እዚ መስርሕ ዕደላ መሬት'ዚ፡ ምስ ካልኦት ብዙሓት ሃገራት ዝጥቀማሉ ኣገባብ ብምንጽጻር፡ ዓቢ ስጉምቲ ንቕድሚት እዩ። ኣብ ኡጋንዳ ከም ኣብነት እንተደ ወሰድና፡ 0.08 ሚእታዊት እዩ። እዚ ከም ኣብነት ይጠቐስ'ምበር፡ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ እዚ ማሰል'ዚ የሎን ወይ ኣይርከብን ክበሃል ዝከኣል እዩ። ኣብ ሕርሻ ከይተሓጸርና፡ ንመንበሪ ዝተዋህበ መሬት ኣብ ከተማታት እንተረኣና እውን 28.6 ሚእታዊት፡ ካብቲ ንትካላት ዝተዋህበ መሬት፡ 28 ሚእታዊት ብስም ደቀንስትዮ ዝተዓደለ እዩ። እዚ ትግባረ'ዚ፡ ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ ወይ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ዝሓልሞ በጺሑ እኳ እንተዘይብልና፡ ዝሰጎምናዮ ግን ቀሊል ኣይኮነን። ብኣጠቓላሊ ዝዓበየ ወጽኢት ኣዋጅ መሬት ኢልና ክንዝርዝሮ ንኽእል።

- **ብዘይካ ኣዋጅ 58/94፡ ንመሬት ዝምልከት ካልእ ኣዋጅ ወይ ሕጋዊ ምልክታ ኣሎዶ?**

እወ፡ ብቑጽሪ 31/97 ዝፍለጥ ሕጋዊ ምልክታ ኣሎ። ኣብ ዝሓለፈ ሕታማት ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ'ውን ተኣንጊዱ ነይሩ እዩ። ኣቐዲመ ዝገለጽክዎ ኣዋጅ ግን ብዝሒ እዩ ዝረብሕ፡ ናብ ዝርዝር ክትኣቱ ምስ እትደሊ ከኣ ከምዚ ዓይነት ሕጋዊ ምልክታ የድልዮ። እዚ መተግበሪ ሕጋዊ ምልክታ'ዚ፡ መሬት ዝሓትት ሰብ እንታይ ከማልእ ኣለዎ? ዘማልኦኸ እንታይ ይሕተት...ወዘተ ዝምልስ እዩ።

ይቕጽል...

## ዜና

# ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ተርእዮ ሕማም 'ቲቢ' ብልዕሊ 90 ሚእታዊት ነኪዩ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ሕማም 'ቲቢ' ንምክልኻልን ንምቁጽጻርን ሚኒስትሪ ጥዕና ክካየዶ ብዘጸንሖ ጻዕሪ፡ መጠን ተርእዮ'ቲ ሕማም ብልዕሊ 90 ሚእታዊት ከምዝነከየ ተገሊጹ።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ሓላፊት ምክልኻልን ምቁጽጻርን ሕማም ቲቢን ደወናን ሰስተር እንትሳር ዓብዱልቃድር፡ ኣብ ዝሓለፈ 10 ዓመታት - እቲ ሕማም እናነከየ ኣብ 2017 ናብ 86 ሚእታዊ ከምዝወረደ፡ ኣብ 2019 ሜላ ፍወሳ 'ዶትስ' ብምትእትታው ድማ፡ ልዕሊ 90 ሚእታዊት ከምዝበጽሐ ኣረዲኣ።

ብቑዕ ዘመናዊ መሳሪ መስርሒታትን እኹል ክኢላዊ ዓቕሚ ሰብን ዝዓጠቐ፡ ሆስፒታል ከረን ሓዊሱ 12 መመርመሪ



ነቑጣታት ብምህላወን፡ ዝሓሸ ስራሕ ይዕመም ከምዘሎ ዝጠቐሰት ሰስተር እንትሳር፡ ብዞባ ደረጃ ኣስታት 110 ወከልቲ ጥዕና ዓዲ ከምዘለዉን ንስራሖም ዝሕግዝ ስልጠናታትን መጓዓዝያ መደብትን ከምዝሰርዓሎምን ሓቢራ።

ብፍላይ ነፍሰጾራት፡ ትሕቲ ሚዛን ቖልዑ፡ ምስ ሕማማት ሽኮርን ኤች.ኣይ.ቪን ዝነብሩ ወገናት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኣሕደርቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝርከቡ ናይ ሕማም 'ቲቢ' መርመራታት ከምዝካየደሎም እውን ኣብሪሃ።

ሰስተር እንትሳር፡ ዝኾነ ሰብ ንልዕሊ ክልተ ቕነ ዝቐጸለ ሰዓል ምስ ዝህልዎ፡ ኣብ ከባቢኡ ናብ ዝርከብ ትካል ጥዕና ብምኻድ፡ ኩነታቱ ብመርመራ ክፈልጥ።

ፍረ ጻዕሪ
ሕርሻን መግብን
ሰየ ነጋሽ

# ኣንበጣ ገረብ

## ባህርያቱን ኣገባብ ምክልኻሉን

ኣብዚ እዋን፡ ኣንበጣ ገረብ ኣብ ሃገርና ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣብ ን/ዞባታት ጎልጅ፡ ተሰነይ፡ ፎርቶ-ሳዋ፡ ሞልቂን ሻምብቆን፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ኣብ ከባቢ ማይ-ድማ፡ እንዳገርግስ፡ ኣብ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ኣብ ን/ዞባ ኣዶብሓን ናቕፋን ክርአ ጀሚሩ ኣሎ። ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ነዚ ሳጋሚ ባልዕ፡ ቀጻሊ ምክትታልን ዳህሳስን ከምኡ'ውን ኣብ ጀራዲንን ከባቢኡን ጉድኣት ንኸየውርድ ብዝተጸንዐ መገዲ ብጸረ-ባልዕ ናይ ቁጽጽር ስጉምቲ ይወስደሉ ኣሎ። ቅድሚ ሕጂ፡ እዚ ባልዕ ስሕት ኢሉ'ኳ ዝርአ እንተነበረ፡ ኣብዚ እዋን ዳርጋ ንምሉእ ዓመትን ኣብ ብዙሕ ከባቢታትን ዝዝርጋሕ እናኾነ ይመጽእ ስለ ዘሎ፡ ብዛዕባ ባህርያቱን ኣገባብ ምክልኻሉን ሓበሬታ ንኽህበና፡ ንኣቶ ቴድሮስ ሰዩም፡ ኣብ ሚ/ሪ ሕርሻ ሓ/ኣሃዱ ቍጽጽር ሳገምቲ ባልዓት ተወኪስናዮ ኣሎና።



ኣቶ ቴድሮስ ሰዩም

ኣንበጣ፡ ኣብ ዘራእቲ፡ መጋሃጫ፡ ገረብን ኣትክልትን መጠን ዘውርድዎ ጉድኣት ዝፈላለ'ኳ እንተኾነ፡ ብሓፈሻ ኵሎም ዓይነት ኣንበጣ፡ ኣብ ምህርቲ ይኹን ኣትክልቲ፡ ኣዝዩ ዓቢ ጉድኣት የውርዱ። ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ፡ ብዙሓት ዓይነታት ኣንበጣ ይርከቡ። ንኣብነት ኣንበጣ ገረብ፡ ኣንበጣ ምድረ-በዳ፡ ሳጋሚ ናይ ኣፍሪቃ ኣንበጣ፡ ቀይሕ ኣንበጣ፡ ቡናዊ ኣንበጣ፡ ኣንበጣ ማዳጋስካር ወዘተ. ይብሃሉ። ኣብ ሃገርና ድማ ሰለስተ ዓይነታት ኣንበጣ ማለት፦ ኣንበጣ ምድረ-በዳ፡ ሳጋሚ ናይ ኣፍሪቃ ኣንበጣን ኣንበጣ ገረብን ይርከቡ። ኣንበጣ ገረብ፡ ኣብ ሃገርና ይኹን ኣብ ኣህጉርና ኣፍሪቃ፡ ኣብ ገረብን ኣትክልትን ዓቢ ጉድኣት ካብ ዘውርዱ ዓይነታት ኣንበጣ እዩ። ኣብ ሃገርና ብፍላይ ካብ ዝሓለፈ ቐረባ ዓመታት ተርእዮኡን ዝርጋሐኡን እናዛየደ ይመጽእ ኣሎ። ብመንጽሩ ድማ ምክትታልን ዳህሳስን ይዓቢ ከምዘሎ ይፍለጥ።

### ባህርያት ኣንበጣ ገረብ

ኣንበጣ ገረብ፡ ሓደ ካብ ዓሌታት ኣንበጣ ኾይኑ፡ ሳይንሳዊ መጸውዒ ስሙ 'ኣናክርድዩም መላኖሮዶን መላኖሮዶን (Anocridium melanorhodon melanorhodon) ይብሃል። ካብ ካልኦት ዓይነታት ኣንበጣ ብዘርእይዎ ምቅይያር ጠባያት፡ ቅርጽን ሕብርን ወዘተ. ይፈላለዩ። ኣንበጣ ገረብ፡ ዘይከም ካልኦት ዓይነታት ኣንበጣ፡ ኣብ እዋን ለይቲ እዩ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዝንቀሳቐስ። ከምኡ'ውን ኣብ እዋን ለይቲ ይምገብ። ጸሓይ ዕርብ ምስ በለት፡ ጉዕዞ ስለ ዝጅምሩ፡ ብቛንቋ እንግሊዝ ናይት ወንደረር (Night wanderer) ተባሂሎም ይጽውዑ። ኣንበጣ ገረብ፡ ዝምገቦም ዓይነት ኣግራብ ዓሌታት ጭዓ፡ መቒዕ፡ ጋባ ክኾኑ ኸለዉ፡ ካብ ፍረታት ድማ ዘይቱን፡ ማንጉስ፡ ሲትረስ (ከም በዓል ኣራንሺ) ክኾኑ ከለዉ፡ ካብ ዘራእቲ ድማ መሸላ፡ ብልቱግን ሰምሰምን ዝያዳ ይፈቱ። ብዘይካ'ዚ፡ ዝብላዕ እንተስኢኑ፡ ኣሕምልቲ'ውን የጥቅዑ።

### ዝርጋሐ ኣንበጣ ገረብ

ኣንበጣ ገረብ ኣብ ትሕቲ ሳህለ ሳሃራ ዝርከባ ሃገራት ኣፍሪቃ ማለት ሞሮኮ፡ ሞሪታንያ፡ ሰኔጋል፡ ማሊ፡ ኒጀር፡ ጫድ፡ ናይጀርያ፡ ሱዳን፡ ኢትዮጵያን ኤርትራን ተዘርጊሑ ይርከብ። ኣብ ሃገርና ድማ ኣብ ኵለን ዞባታት ይርከብ። ብፍላይ ዞባ ጋሽ ባርካ ምስታ ለበዳ ኣንበጣ ገረብ ወትሩ ዘይበትከላ ጐረቤት ሃገር ሱዳን ትዳወብ ብምኻና ቀጻሊ ብስግረ ዶባዊ ለበዳ ኣንበጣ ገረብ ትጥቃዕ።

### ዑደት ህይወት ኣንበጣ ገረብ

ኣንበጣ ገረብ ሰለስተ ደረጃታት ዑደት ህይወት የሕልፍ። እዚኣቶም እንቋቝሖ፡ ኩብኩብታ፡ እኹል ኣንበጣን ተባሂሎም ይጽውዑ።



ስለዚ ኣንበጣ ዘይሰሩዕ ወይ ዘይፍጹም ዕብየት የሕልፍ ማለት'ዩ። ኣብ ነፍስ-ወከፍ ደረጃ ኣንበጣ ክሓልፍ ከሎ፡ ዝተፈላለየ ባህርያት ኣሎዎ። ኣብ ሓደ ደረጃ ዝጸንሓሉ ግዜ ከከም ከባቢ፡ ክሊማን መግብን ይፈላለ።

### ሀ. ደረጃ እንቋቝሖ

ኣንስተይቲ ኣንበጣ ምስ ተባዕታይ ድሕሪ እትገብሮ ርክብ፡ ክጫጪሕ ዝኽእል 150-200 እንቋቝሖ ኣብ ለቖታ-መሰል ሽፋን ብእኩብ ትወልድ። ቅርጺ እንቋቝሖ ፍረ-ሩዝ ዝመስል ኰይኑ፡ ኣብ 10-20 መዓልትታት ድሕሪ ርክብ፡ ብግዜ ለይቲ ይውለድ። እታ ኣንስተይቲ እንቋቝሖ እትጸፍየሉ ቦታ ብመጠኑ ጠልን ሙቐትን ዘሎዎ ፈኩስ ወይ ሑጻዊ ዓይነት ሓመድ እዩ።

እታ ኣንስተይቲ፡ ነቲ እንቋቝሖ ንውሽጢ መሬት ክሳዕ 15 ሰ.ሜ ብምእታው ትጸፍዮን ትሓትሞን። ኣብ ውሽጢ 15-65 መዓልትታት ድማ ይጭጭሕ። ንምዕባለ እንቋቝሖ፡ እቲ ዝተጸፈየሉ ሓመድ፡ ጠሊ ምህላዉ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ጠሊ ዘይብሉ ሓመድ ዝተጸፍየ እንቋቝሖ ኣይጫጪሕን እዩ።

### ለ) ደረጃ ኩብኩብታ

ዝተጫጭሐ እንቋቝሖ ካብ ውሽጢ መሬት ንላዕሊ ይወጹ። ድሕሪ'ዚ ተባዕትዮ 6 ደረጃታት ኩብኩብታ፡ ኣንስትዮ ድማ ክሳዕ 7-8 ደረጃ ኩብኩብታ ይሓልፉ። ነፍሲ-ወከፍ ካብ ለቖታ ዝተጫጭሐ እንቋቝሖ በብቑሩብ ብሓባር እናተኣኻኸቡ ጉጅለ ይፈጥሩ።

<u>**ሕብሪ ለበዳዊ ኩብኩብታ፦**</u> ቀጠልያዊ ብጫ ምስ ጸሊም ነጠብጣብ ሕብሪ ኣሎዎም።

<u>**ሕብሪ ብሕታዊ ኩብኩብታ፦**</u> ቀጠልያ ኾይኑ፡ ጻዕዳን ጸሊምን ነጠብጣብ ሕብሪ ኣሎዎም። ካብ ሓደ ደረጃ ናብ ካልእ ደረጃ ኣብ ዝሰጋገሩሉ ግዜ፡ እቲ ዝነበረ ሽፋን ብመልክዕ ዕፋፊት ተገፊፉ ብሓድሽ ሽፋን ይትካእ። እዚ ኸኣ ምግፋፍ (Moulting) ይብሃል።

### ሐ) እኹል ኣንበጣ

እኹል ኣንበጣ ገረብ፡ ሃሳስ ቡናዊ ሕብሪ ዘውንን ኰይኑ፡ ቁመት ኣንስተይቲ ኣንበጣ ካብ ተባዕታይ ይዓቢ። ቁመት ኣንስተይቲ ኣንበጣ 54-73 ሚ.ሜ ክኸውን ከሎ፡ ቁመት ተባዕታይ ኣንበጣ ድማ 45-63 ሚ.ሜ እዩ። ናይ ኣንበጣ ገረብ ኣንቴና ጸሊም እዩ። ላዕለዋይ መንገብገቡ ነዊሕ ኰይኑ፡ ጸሊም ነጠብጣብ ኣሎዎ። ኣብ መሰረት (Basal) ናይ ታሕተዋይ መንገብገብ ድማ ሮዛ ሕብሪ ኣሎዎ።

ኣንበጣ ገረብ ኣብ ደረጃ እኹል ኣንበጣ ንነዊሕ ናይ ደርቂ እዋን ይጸንሕ። ኣብ ምጅማር ዝናብ ድማ ክራባሕ ይጅምር። ኣብ ሃገርና ኣብ እዋን ክራማት ባሕሪ ወይ ክራማት ከበሳ ይራባሕ። ኣንበጣ ገረብ ብመንጽር ኣንበጣ ምድረ-በዳ፡ ዝነኣሰ ለበዳ (Swarm) ናይ ምፍጣርን ናይ ምንቅስቓስን ባህሪ ኣሎዎ። እኹል ኣንበጣ ገረብ ዝበዝሕ እዋን ኣብ ኣግራብ ዝበዝሖ ቦታታት ፋሕ ኢሉ ዝነብር'ኳ እንተኾነ፡ ክሳዕ 1 ትርብዒት ኪሎ ሜተር ብጻዕቂ ምትእኽኻብ ምጕዕዓዝን ለበዳ (Swarm) ክፈጥር ይኽእል።

### ኮለላ

ኣንበጣ ገረብ፡ ኣብ ርሑቕ ቦታታት፡ ጎቦን ሰንጭሮን ከምኡ'ውን ኣብ ዕሙር ኣግራብ ዘሎዎ ቦታ ስለ ዝርከብን ዝፋረን ንምክትታሉ ዝግበር ኮለላ ኣዝዩ ኣሸጋሪ እዩ።

ብተወሳኺ፡ እዚ ኣንበጣ ኵሉ ምንቅስቓሳቱ ኣብ እዋን ለይቲ ስለ ዝኾነን ኣብ ዝወዓሎ ስለ ዘይሓድርን ንዝግበር ምክትታልን ዳህሳስን ዝያዳ ኣጸጋሚ ይገብሮ። ይኹን'ምበር፡ ኣብ ሃገርና ጐኒ-ጐኒ እቲ ንኣንበጣ ምድረበዳ ንምክትታል ዝግበር ኮለላታት፡ ብኽኢላታት ሳገምቲ ባልዓትን ሰካውትን ከምኡ'ውን ብምትሕብባር ህዝቢ፡ ኣንበጣ ገረብ ኣብ ጀራዲን ዘራእትን ጉድኣት ከየውርድ፡ ወትሩ ጽዑቕን ቀጻልን ኮለላታትን ምክትታልን ይካየድ።

### ቍጽጽር ኣንበጣ ገረብ

ኣቐዲሙ ከም እተገልጸ፡ ኣንበጣ ገረብ፡ ኵሉ ምንቅስቓሳቱን ምምጋቡን ብለይቲ ብምኻኑ፡ ኣብ ዝወዓሎ'ውን ስለ ዘይሓድር፡ ንምቍጽጻር ዝግበር ስጉምቲ ብዝተጸንዐ መገድን ኣብ ከባቢ ጀራዲን ምስ ዝጽጋዕን ጻዕቂ (ብዝሒ) ምስ ዝህልዎን ክኸውን ይግባእ። ኣብ በረኻታትን ኣግራብን ፋሕ ዝበለ ኣንበጣ ገረብ፡ ጸረ-ባልዕ ብምንጻግ ንምቍጽጻር ዝግበር ስጉምቲ ኣድማዕነት የብሉን ጥራይ ዘይኮነ፡ ብከላ ከባቢ፡ ሰብን ጥሪትን ከስዕብ ስለዝኽእል፡ ጥንቃቐ ዘድልዮ ጉዳይ እዩ።

<u>መልእኽቲ</u>

ኣብ ሃገርና ካብ ግዜ ናብ ግዜ ስግኣት ኣንበጣ ገረብ እናዓበየ ይኸይድ ስለዘሎ፡ ክኢላታት፡ ሓረስቶት ከምኡ'ውን ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት መንግስቲ ዕቱብ ክትትልን ኣድህቦን ክገብሩሉ ሚኒስትሪ ሕርሻ ይላቦ።

***



# ሻባብ

ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጀምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቃምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ንብረት ትሕጃ



ኣማኻሪ፤ ሄሎው፡ ናብ ሃማመተኤ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደዊልካ ኣለኻ፡ መን ክብል?

ደዋሊ፤ ተመስገን እብሃል።

ኣማኻሪ፤ ተመስገን ካበይ ኢኻ ትድውል ዘለኻ?

ደዋሊ፤ ካብ ኣስመራ እየ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪ፤ ሕራይ'ሞ ተመስገን ናብ ጉዳይካ ክንኣቱ፡ እንታይ ክሰምዓካ?

ደዋሊ፤ ቅድሚ ሓደ ዓመት ኣቢሉ ይኸውን፡ ንሓደ ሰብ ብርክት ዝበለ ገንዘብ ኣለቂሐዮ። ብመሰረት ውዕልና ድማ ገንዘበይ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ኣዋርሕ'ዩ ክመልሰለይ ዝግብኦ ነይሩ። እንሆ ግን ሽዱሽተ ኣዋርሕ ሓሊፉስ ናብ ዓመት ተጸጊዑ ኣሎ። ኣብዚ እዋን'ዚ ድማ ኣነ ምሒር ገንዘብ የድልየኒ ኣሎ። ከም ውዕልና ገንዘበይ ምለሰለይ እንተበልክዎ ድማ 'ሕጂ የብለይን ሓንሳብ ተጸበየኒ' ኮይኑ መልሱ።

ኩሉ ዝገብሮ ዘሎ ምንቅስቓሳት ድማ ደስ ስለ ዘይብለኒ ዘሎ፡ ከም ናይ መወዳእታ ምርጫ ነታ ብመልክዕ ትሕጃ ምሳይ ክትጸንሕ ዝሃበኒ መኪና ሸይጠ ገንዘበይ ክእክብ ወሲነ ኣለኹ'ሞ ኣብ ዘይጸገመይ ከይኣቱ፡ ብሕጊ እንታይ ሳዕብየን ክህልዎ ይኽእል?

ኣማኻሪ፤ ተመስገን፡ ነቲ ሰብ ብጽሑፍ ዲኻ ዋላ ብእምነት ኣለቂሕኻዮ?

ደዋሊ፤ መጀመርያ ገንዘብ ከለቅሖ ምስ ሓተተኒ፡ ኣነ'ውን ገንዘበይ ብኸመይ ክመልሰለይ ከም ዝኽእል ሓቲተዮ። ንሱ ከኣ ዋጋ 150,000 (ሚእትን ሓምሳን ሽሕ) ናቕፋ ዝግመት ናይ ገዛ መኪና ብመልክዕ ትሕጃ ምሳይ ክሕዛ ከም ዝኽእል ኣብ ቅድሚ መሰኻክር ብስርዓት ውዕል ተፈራሪምና። ብድሕሪኡ ገንዘብ ኣለቂሐዮ።

ኣማኻሪ፤ ሕራይ ተመስገን፡ ብቐጥታ ነቲ ዘቕረብካዮ ሕቶ ቅድሚ መልሲ ምሃበይ፡ ሓፈሻዊ ንትሕጃ ዝምልከት ሕጽር ዝበለ መብርሂ ምሃብ ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ ገለ ክብል። ፈለማ ግን ትሕጃ እንታይ ማለት ምዃኑ ብምግላጽ ክጅምር።

ብመሰረት ዓንቀጽ 2825 መሰጋገሪ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ፡ ትሕጃ ክበሃል ከሎ ኣብ መንጎ ኣለቃሕን ተለቃሕን ዝእቶ ስምምዕ ኮይኑ፡ ተለቃሒ ንዝተለቅሖ ገንዘብ ክመልሶ ምዃኑ ከም መተኣማመኒ ዝኾነ ንብረት ንኣለቃሒ ዘረክበሉ ውዕል'ዩ ተባሂሉ ተገሊጹ ንረኽቦ። ብተወሳኺ መሰጋገሪ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ ከም ዝጠቕሶ፡ ትሕጃ ኣብ መንጎ ኣለቃሕን ተለቃሕን ወይ በዓል መሰልን በዓል ዕዳን ብስምምዕ ወይ ብውዕል ወይ'ውን ብውሳኔ ቤት ፍርዲ ዝቐውም'ዩ ተባሂሉ'ዩ ዝግለጽ። ትሕጃ ኣብ ክልተ ነገራት'ዩ ዝፍጸም። እቲ ቀዳማይ ኣብ ተንቀሳቓሲ ንብረት ዝትግበር ትሕጃ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ካልኣይ ድማ ኣብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ዝህሉ ትሕጃ እዩ። ኣብ ተንቀሳቓሲ ንብረት ዝትግበር ውዕል ትሕጃ፡ በዓል ዕዳ ንዝኣትዎ ግዴታ ንኽፍጽም ንበዓል መሰል ከም ውሕስነት ዝወሃቦ ንብረት እዩ።

ከምኡ'ውን እዚ ዓይነት ውዕል በዓል ዕዳ ጥራይ ዘይኮነ፡ ሳልሳይ ኣካል ናይ ካልእ ሰብ ዕዳ ንምውሓስ ዝኣትዎ ውዕል'ውን የጠቓልል'ዩ። ዝኾነ ብልቓሕ ዝተሓዘ ንብረት፡ ዋግኡ ካብ 500 ናቕፋ ንላዕሊ ምስ ዝኸውን ብጽሑፍ ክቐርብ ኣለዎ።

ካብዚ ወጻኢ ዝቐርብ መረጋገጺ ግን ፍሩስ ይኸውን። ኣብ ግዜ ትሕጃ ዝተኣትወ ውዕል ብጽሑፍ ብንጹር ክሰፍር ይግባእ። መሰጋገሪ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ መሰረት ብምግባር፡ በዓል ዕዳ ብመሰረት ውዕሉ ወይ ውሳኔ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝተዋህበ ገደብ ግዜ ዕዳኡ ክኸፍል ምስ ዘይክእል፡ በዓል መሰል ካብቲ ንብረት ትሕጃ መሰሉ ከረጋግጽ ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ነቲ ንብረት ብምጥቃም ወይ ብገንዘብ ወይ ብንብረት ንምቕያር ወይ'ውን እንደገና ብትሕጃ ንኻልእ ሰብ ብምሃብ ክኸውን ይኽእል። እንተኾነ፡ በዓል መሰል ቅድሚ'ቲ ንብረት ምግባቱ ወይ ምሻጡ ንበዓል ዕዳ ግዴታኡ ክፍጽም ከጠንቅቖ ኣለዎ። ኣብ መወዳእታ በዓል ዕዳ ምስ ዝኣቢ ኣብ ቤት ፍርዲ ኣወሲኑ ብጨረታ ከም ዝሸየጥ ይገብር። ካብዚ ወጻኢ ኣብ ዝተሰማማዓሉ ግዜ ኣይከፈለን ኢልካ ብኢደ ዋኒንካ ንብረት ትሕጃ ምሻጥ ወይ ምጥቃም ግን ሕጋዊ ኣይኮነን። ብኻልእ ወገን በዓል ንብረት ካብቲ ትሕጃ ዝወሃቦ ዘሎ ንብረት ሸይጡ ዕዳኡ ክኸፍል ንቤት ፍርዲ ምስ ዘመልክት'ውን ቤት ፍርዲ ከፍቅደሉ ይኽእል'ዩ። እቲ ትሕጃ ሒዙ ዝጸንሐ ሰብ ካብ ካልኦት ኣለቃሕቲ ብቐዳምነት ናይ ምውሳድ መሰል ከኣ ኣለዎ።

ደዋሊ፤ ክሳብ ገንዘበይ ዝረክብ ብትሕጃ ሒዘያ ዘለኹ መኪና ዋላ እንተ ዘይሸጥኩዋ፡ ንግዚኡ ክጥቀመላ ይኽእልዶ?

ኣማኻሪ፤ ብትሕጃ ተታሒዙ ዘሎ ንብረት፡ እትዋት ወይ ፍረ ንብረት ትሕጃን መን ይጥቀመሉ ዝብል ሕቶ፡ ብመሰረት ሲቪላዊ ሕጊ፡ ንብረት ትሕጃ ዝንቀሳቐስ ምስ ዝኸውን፡ ንብረት ዝሓዘ ሰብ ብዘይ ፍቓድ በዓል ንብረት ክጥቀመሉ የብሉን።

እንተኾነ፡ ምጥቃም ናይቲ ንብረት ንምዕቃብ ወይ ድሕነት ንብረት ኣገዳሲ ምስ ዝኸውን፡ በዓል መሰል ነቲ ንብረት ክጥቀመሉ ይኽእል ንኣብነት፡ መኪና ዝሓዘ ሰ[…] ንድሕነት'ታ መኪና ከንቀሳቕሳ[…] ከተሰኣን ይኽእል። ካብዚ ንድሕነ[…] ንምቁጽጻር ዘድሊ ምንቅስቓ[…] ንላዕሊ ግን ክጥቀመላ የብሉን።

ደዋሊ፤ በዚ ዝነገርካኒ መሰረ[…] ነዛ ሒዘያ ዘለኹ መኪና ክሸ[…] ይኽእልዶ?

ኣማኻሪ፤ ነዚ ልዒሉ ዝተገለ[…] ኣብ ግምት ብምእታው፡ ናብ[…] ዘቕረብካዮ ሕቶ ምስ እንምለ[…] ዝሓዝካያ ንብረት ብመንጽ[…] ዘለቃሕካዮ መጠን ብቑዕቲ ትሕ[…] ክትከውን ትኽእል እያ። ትሕ[…] ማዕረ መጠን ልቓሕ ኣገዳ[…] ምዃኑ ንብምልኡ ሰብ ስነመጎታ[…] ስለዝኾነ እዩ። ብትሕጃ ንዝሓዝካ[…] መኪና ግን ዋና ስለዘይኮንካ፡ ምጽ[…] ኢልካ ብዘይ ዝኾነ መሰርሕ ቤ[…] ፍርዲ ክትሸጣ ሕጊ ዝፈቕደል[…] ኣይኮነን። እንተኾነ፡ ንድሕነት ወ[…] ምዕቃብ መኪና ኣገዳሲ እንተኾይ[…] ጥራይ ኢኻ ብዘይ ፍቓድ ዋ[…] ንብረት ክትጥቀመላ እትኽእል[…] እዚ ማለት ብውዕልና መሰረ[…] ገንዘበይ ስለዘይመለሰለይ ብምባ[…] ንብረት ስቕ ኢልካ ክትሸይጥ ሕ[…] ኣየፍቅደልካን እዩ።

ክትገብሮ ዘለካ ግን፡ መጀመር[…] እቲ ዋና ንብረት፡ ክኸፍል ከ[…] ዘለዎ ከተጠንቅቖ እዩ። እዚ እን[…] ዘይሰሊጡካ ኢኻ ጉዳይካ ብቤ[…] ፍርዲ ውሳነ ድሕሪ ምርካ[…] ብመልክዕ ጨረታ ሼጥካ ገንዘብ ክትእክብ እትኽእል።

ደዋሊ፤ እሞ ብዝረኸብክዎ ምኽ[…] ኣዝየ እየ ዘመስግን፡ ብሩኽ መዓልቲ[…]

ኣማኻሪ፤ ገንዘብካ። ንዓኻ'ው[…] ብሩኽ መዓልቲ።

***

## ልቦና

# ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

## እታ ዝነቐዐት ዕትሮ




ኣብ ሓደ ዓዲ ናይ ቻይና፡ ሓደ ማይ ብኽልተ ዓበይቲ ዕትሮ ማይ ዝጓርት ሰብኣይ ነበረ። ክልተ ዕትሮ፡ ብኽልተ ጫፍ ናይ ሓደ ተሪር በትሪ ብምንጥልጣል ኣብ ማእገሩ ጸይሩ ይጓርት ነበረ። ሓንቲ ካብተን ዕትሮ ነቓዕን ማይ ተንጥብን፣ እታ ሓንቲ ኸኣ ጥይቲ ዘይተንጥብ ነበረት። እታ ዘይተንጥብ ዕትሮ ኵሎ ግዜ ምሉእ ከተዕርቕ እንከላ፡ እታ ነቓዕ ግን ፍርቂ ተዕርቕ ነበረት። በዚ ኸኣ ትጕሂ ነበረት።

እዚ ሰብኣይ ንኽልተ ዓመት ምሉእ፡ በታ ሓንቲ ምሉእ ዕትሮ ማይ በታ ሓንቲ ኸኣ ፍርቂ ዕትሮ ማይ ናብ ገዛኡ ኣብጽሐ። እታ ነቓዕ ዕትሮ በቲ ፍርቂ እተብጽሖ ማይ፡ ምልእቲ ዘይምዃናን ተስፋ ዘይብላ ምዃናን ኣጕሃያ። ክልተ ዓመት ምሉእ በዚ መሪር ውድቀት ምዃኑ ዝሓሰበቶ ነገር ኵሉ ነገር ኣጽልኣ። ሓደ ንግሆኣ ኣብቲ ማይ ዝቐድሖ ቐላይ እንከለው ነቲ ሰብኣይ፡ "ኣነስ እሓፍር ኣለኹ። እዚ ነቓዕ ወገነይ ማይ እናኣልሓኹ ካብቲ ዝግብኣኒ ፍርቂ'የ ናብ ገዛ ዘብጽሕ ዘለኹ፡" በለቶ።

"ማይ መሊእና ክንከይድ እንከለና ብየናይ ሸነኽይ እስከመኪ?" ብሕቶ መለሰ ጓራቲ ማይ ሰብኣይ።

"ኵሉ ሳዕ ብየማናይ መንኰብካ ኢኻ እትጸረኒ።"

"እሞ ኣብቲ ንገዛ እንኸደሉ መገዲ እቲ የማይ ሸነኽ በቑሉ ዘሎ ዕምበባታትከ ርኢኺዮ ኣለኺ? ብጸጋማይ ሸነኽ ዕምበባታት የለን። ማይ ዘልሑኸ ሸነኽ ከም ዘሎኪ ብኣጋኡ'የ ፈሊጠ። ሽዑ ዕምባባታ ዘሪአሉ። ማይ መሊእና ክንምለስ እንከለና ኸኣ ካብቲ ካባኺ ዝነጥብ ማይ ይእሰቲ ነይሩ፣ ንስኺ ኢኺ ማይ እናስተኺ ኣዕቢኺዮም። ብዘይ ብኣኺ እቲ ንግሆ ንግሆ ጥዑም ሽታን ባህታ ዝፈጥር ትርኢትን ኣብ መገዲና እንረኽቦ፡ ካብኡ ቀንጢብና ኣብ ምእከል መመገቢ ጣውላና እንቐምጦ ባህ ዘብል ዕምበባታት ኣይምሃለወን ነይሩ። እዚ ዝነቐዐ ክፉል ተፈጥሮኺ እንተ ዘይህሉ፡ ገዛናን መገድናን ብዕምበባ ኣይምተባረኸን።"

Inspiratinalstories.com




ሓበን ተስፋሚካኤል

# ህልው ኩነታት ዓሳታት ውቅያኖስ ዝሕብር ቴክኖሎጂ

ሓደ ካብ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ምድሪ ማያዊ ኣካል ውቅያኖስ እዩ። ክንርእዮን ካብኡ ሓሊፍና ክንመራመረሉን ዘብህግ ምኳኑ'ውን ንርዳእ። ኣብ ዓውዲ ምርምር ውቅያኖስ ዝተጸምዱ ኣመራማሪያን ተመራመርቲ፡ መዓምቑ ውቅያኖስ ብዘፈጥሮ ድምጽታት ተሓጊዞም፡ ህልው ኩነታት ዓሳታትን ንጥፈታት ምንቅስቓሶምን ብዝምልከት ሓበሬታ ዝህብ ዝተራቐቐ ቴክኖሎጂ ኣማዕቢሎም ምህላዎም ይሕብሩ።



እቲ 'ዓሚቝ ጭጭታ' ወይ (Deap-Squeak) ተሰምዩ ዘሎ መሳርሒ ቴክኖሎጂ፡ ኣብ መዓምቑ ውቅያኖስ ዘለዉ ዓሳታት ዝገብርዎ ንጥፈታት እናመርመረ ሓበሬታ ዘመሓላልፍ። ኣብ 2019 ተበጊሱ ዝበረ ቴክኖሎጂ ኮይኑ፡ ኣብ'ዚ እዋን ድማ ብዝተራቐቐ መንገዲ እናማዕበለ ይመጽእ ከም ዘሎ እቶም ኣመራማሪያን ተመራመርቲ ይገልጹ። ንሳቶም ኣስዒቦም፡ በዚ ቴክኖሎጂ ተሓጊዞም፡ ብመሰረት እቲ ኣብ ውሽጢ ውቅያኖስ ዝፍጠር ድምጺ፡ ኩነታት ዓሳታት ኣብ ምርዳእን ብሓፈሻ ብዛዕባ ውቅያኖሳት ዓለም ዝሰፍሐ ፍልጠት ኣብ ታሪኽ ኣብ ምዕቃብን ልዑል ተሰፋታት ኣሕዲሮም ከም ዘለዉ ኣረዲኦም።

እቶም ተመራመርቲ፡ እዚ መሳርሒ ኣብ ምፍታንን ሓበሬታ ኣብ ምእካብን ከም ዘለዉን፡ በቲ መዳይ'ሞ ዘለዉ ግዜ እናተኸታተሉ ኣብ'ዚ መሳርሒ ቴክኖሎጂ ዝገብርዎ ምዕባለታት ክገልጹን ወጽኢቱ ከመሓላልፉን ምኳኖም ድማ የተንብሁ።

# መሳርሒ ሙዚቃ ምምሃር፡ ናይ ምዝካር ዓቕሚ የማዕብል

ገለ ሰባት ንሓደ ነገር ብተደጋጋሚ እንተዘይርእዮሞ ከጸንዕዎ ይጸግሞም። ካልኦት ድማ ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ዝርኣይዎ፡ ድሕሪ ነዊሕ እዋን ብዘይጸገም ክዝክርዎ ይኽእሉ።

ኣብ'ዚ ዓውዲ መጽናዕቲ ዘካየዱ ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ካሊፎርንያ፡ ንሸሞንተ ሰሙን፡ መሳርሒ ሙዚቃ ወይ እውን ረምታ ናይ ሳዕስዒት ምምሃር፡ ንናይ ምዝካር ዓቕምኻ ክብ ከምዝብሎ ይሕብሩ። ኣብቲ ንሳቶም ዘካየድዎ መጽናዕቲ ካብ 60 ክሳብ 79 ዓመት ዝዕድመኦም 47 ሰባት እየም ተሳቲፎም። ተሳተፍቲ፡ ቅድሚ ሕጂ ናይ መሳርሒ ሙዚቃ ክእለት ዘይብሎምን ናይ ምዝካር ዓቕሞም ትሑት ዝበረን እዮም።


እቶም ተሳተፍቲ ቅድሚ ናይ መዚቃ ትምህርቲ ምውሳዶም፡ ቅድሚ ሕጂ ርእየሞም ዝዘይፈልጡ ሰባት፡ ንውሑድ ደቓይቕ ከም ዝርኣይዎም እዩ ተገይሩ። ብድሕሪ'ዚ፡ ገለ ካብኦም ተሳተፍቲ ንኣስታት ሸሞንተ ሰሙን መሳርሒ መዚቃ ከበሮ (Drum) ተማሂሮም። ካልኦት ወገናት እውን ብተመሳሳሊ ናይ ስልጠና ሰሙናት፡ ረምታ ናይ ሳዕስዒትን መዚቃን ሓሊፎም። እቶም ዝተረፉ ከኣ፡ ዝኾነ ስልጠና ናይ መዚቃ ይኹን ሳዕስዒት ኣይተመሃሩን።

እቲ ወጽኢት ከም ዝሓበሮ፡ እቶም ንኣስታት ሸሞንተ ሰሙን ትምህርቲ መዚቃን ረምታ ሳዕስዒትን ዝወሰዱ ተሳተፍቲ፡ ነቶም ቅድሚ ስልጠና ምጅማሮም ንውሑድ ደቓይቕ ርእየሞም ዝበሩ ሰባት፡ ብቐሊጡፍ ከለልይዎም ክኢሎም። እቶም ዝኾነ መሳርሒ መዚቃ ዘይተመሃሩ ግን ፈጺሞም ክዝክርዎም ኣይክኣሉን። በዚ መገዲ፡ ስልጠና መሳርሒ መዚቃ ምስ ናይ ምዝካር ዓቕሚ ምትእስሳር ከም ዘለዎ እዮም እቶም ተመራመርቲ ኣረዲኦም። ንሳቶም፡ እቲ ንሸሞንተ ሰሙን ዝተወሃበ ትምህርቲ መዚቃ፡ ካብኡ ንላዕሊ ግዜ ብምውሳኽ እንተዘውሰደ፡ ናይ ምዝካር ዓቕሚ ናይቶም ተሳተፍቲ ዝያዳ ምሓደሰ ኢሎም።

ክንጽ'ቲ ብትምህርታዊ ስልጠናታት ኣብ መሳርሒ መዚቃ እንጥርዮ ምልክት፡ ንኣእምሮና ዘዘኒ ናይ ምዝካር ክእለትና ዘማዕብልን ስለዝኾኑ፡ ጥዕናና ክሳብ ዘፍቀደልና፡ ዕድመና ብዘየገድስ ተኻፊልቲ ክንከውን ኣብ መወዳእታ እቶም ተመራመርቲ ሓሳቦም ኣቕሪቦም።

# ክድህሰስ ዝኽእል ኣርተፊሻል ኣጻብዕቲ

ቻይናውያን ተመራመርቲ፡ ዳህሰሱ ክሳብ 90 ሚእታዊት ነገራት ከለሊ ዝኽእል ስምዒት ዘለዎ ኣርተፊሻል ኣጻብዕቲ ከም ዝመሃዙ ይሕብሩ። መብዛሕትኡ እዋን ኢና ተጠቂምና ዘለና። በዚ ድማ፡ እቲ ኣጻብዕቲ ወዑይን ዝሑልን ሙቐት ዘለዎ ነገራት ክትንክፍ እንከሎ፡ ነቲ መጠን ሙቐት ከለልዮ የኽእሎ ማለት እዩ። ነቲ




ብዝተፈላለዩ ወጽኢት ሓጺንን ካልእን ዝመሃዙ ኣጻብዕቲ ዝማስሉ ነገራት ናይ ምድህሳስ እጃምር ናይ ስምዒት ህዋስ ዘይብሎም ኩይናም እዮም ዝፈርዩ ነይሮም። እዚ ብቻይናውያን ተመራመርቲ ማዕበሉ ዘሎ ሰብሰርሓ ኣጻብዕቲ ግን፡ ዳህሰሱ ነገራት ከለሊ ዓቕሚ ዘለዎ ኩይኑ እዩ ተዳልዩ ዘሎ።

ሓደ ካብኦም መካዚቲ ዶ/ር ከም ጁን "ኣብ'ቲ ኣዳሊናዮ ዘለና ኣርተፊሻላዊ ኣጻብዕቲ፡ ብዙሕ ረቐቕቲ ኣገባብን ሰንሰርን ንኒ ዝማስል ኣርተፊሻል ኣጻብዕቲ ኣብ ኢሰዓው ምስ ለበስካዮ፡ ብቐጥታ እዩ ምስ ናይ ስምዒት ህዋሳትካ ዝራኸብ። ብፍላይ እቶም ናይ ኣጻብዕቲ ሰንከልና ዘለዎም ሰባት፡ በቲ ኣጻብዕቲ ተሓጊዞም ናይ ምድህሳስ ዓቕሞም ክመልስዎ ይኽእሉ" ይብል።

እቶም ተመራመርቲ፡ ነቲ ገና ኣብ መጽናዕቲ ዝርከብ ምህዞኦም፡ ኣብ ቀረባ እዋን ክዘርግሕዎ ተስፋ ከም ዘለዎም እዮም ዝገልጹ።

# ስእሊ ትፈትዎ ሰብ ምርኣይ ቃንዛ የጕድል . . .?

ቃንዛ ኣብ ዝስመዐና ግዜ፡ ናይ እንፈትዎም ሰብ ስእሊ ብምርኣይ ከህድኦ ከምእንኽእል፡ ኣብ'ዚ ዓውዲ ኣተኲሮም መጽናዕቲ ዘካየዱ ተመራመርቲ ይሕብሩ ኣለዉ።



ንሳቶም፡ ምስሊ ናይ'ቶም ምሳና ዘየለዉ ሰባት ብመልክዕ ደረቕ ስእሊ ክንርእዮ እንከለና፡ ኣብ ስምዒትና ዝፍጥር እወታዊ ጽልዋ ከም ዘለዎ ኣረዲኦም።

እቶም ተመራመርቲ ነዚ ንምርግጋጽ፡ ብምኽንያት ዝተፈላለየ ሕማማት ኣብ ሕክምና ዝተዓቝቡን ጸቡቕ ፍቕራዊ ዝምድና ዘለዎምን ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ኣንስትዮን እዮም ኣጽኒዖም። እቶም ተሳተፍቲ፡ መጻምድቶም ብኣካል ምስኣቶም ዘይነበሩ'ኳ እንተኾኑ፡ ስእሎም ኣብ ዝርእዩሉ እዋን ቃንዛታቶም ዝገ ከምዝብሎም እዮም ገሊጾም።

ኑቶም ሕሙማት፡ ጕድኒ ጕድኒ እቲ ኣብ ሕክምና ዝወሰዶም መድሃኒት፡ ተወሳኺ ፈውሲ ኩይኑ ዝጠቕሞም ስእሊ ናይ ፈተውቶም ጥራይ ዘይኮኑ፡ ተሰኡ ዝህብ ተፈጥሮኣዊ ቅብኣታትን ስእልታትን እውን ተራ ከም ዝበሮ'የም እቶም ተመራመርቲ ዘጽንዑ።

# ናይጀርያ - ብሶላር እትሰርሕ ሚኒባስ ማዕቢላ

ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ ዓለማዊ ዋጋ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኩለን ተሽከርከርቲ ብኤሌክትሪክ ዝሰርሓ ክኾና ከም ዘለወን ሓቢሩ ምንባሩ ይፍለጥ። ገለ ካብ'ተን ሃገራት ድማ ድሮ ነቲ ሓሳብ ኣብ ተግባር ብምውዓል፡ ኤሌክትራዊ ጸዓት ተጠቒመን ኣገልግሎት ዝህባ ተሽከርከርቲ ኣብ ምፍራይ እየን ዘርከባ። ኣብ ኣፍሪቃ'ውን ኣብ ናይጀርያ፡ ሓደ ብዓል ዋኒን ንሓንቲ ብዩዩዲ ክትሰርሕ ዝጸንሐት ሚኒባስ፡ ብሓገዝ ሶላር ጸዓት ረኺባ ክትንቀሳቐስ ከም እትኽእል ገይሩ ኣማዕቢሉዋ ምህላዉ ይሕብር።

"ዋጋ ኑዩዲ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናወሰኸ ይኸይድ ብምህላዉ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኣከባቢ ዘለዎ ብከላ ልዑል ብምኳኑ፡ እዚ ንምውጋድ'የ ናይ ኤሌክትሪክ ተሽከርከርቲ ክፍሪ ተበጊሰ። ነዛ ብዩዩዲ እትንቀሳቐስ ዝነበረት ሚኒባስ ከኣ፡ ብጸሓያዊ ጸዓት ከምእትሰርሕ ገይረያ ኣለኹ። ካብ ሕጂ ንደሓር፡ ብኤሌክትሪክ ዝሰርሓ ተሽከርከርቲ ብብዝሒ ክፍሪ መደብ ኣለኒ" ይብል ኣማዕባሊ ናይ'ታ ሚኒባስ መስጥኡ ኣብ ብሩር።

ብጸሓያዊ ጸዓትን ኤሌክትሪክን ዝሰርሓ ኤሌክትሮኒካዊ መሳርሒታት እናበዝሓ ይመጽኣ ብምህላዎም፡ እዚ ኣብ ግምት ብምእታው፡ እቶም ዝፈርዩ ዓይነት ምህዞታት ክበዝሑ ከም ዘለዎም ድማ፡ እቲ ክኢላ ኣብ መወዳእታ ኣዘኻኺሩ።




# ኣብ መርመራ መዓንጣ ዝገልግል 'ስማርት' ከኒና

ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ በስተን - ሒ.መ.ኣመሪካ፡ ንመዓናጡ ወዲ-ሰብ ዝምርምር 'ስማርት' ከኒና ከም ዝመሃዙ ሓቢሮም። እቶም ተመራመርቲ፡ ቅድሚ ሕጂ'ውን ተመሳሳሊ ዓይነት ከኒና ምህዞም ምንባሮም እናኣዘኻኸሩ፡ እዚ ሎሚ ዓመት ኣፍርዮምዎ ዘለዉ ዓይነት ከኒና ግና፡ ብዓቕሙ ዝንኣሰን ዝማዕበለን ምኳኑ እዮም ዝገልጹ።

እቲ 'ስማርት' ከኒና ብኣፍ ምስ ተወሰደ፡ ንውሸጣዊ ጥዕና መዓንጣ ኣካላት'ዩ ዝምርምር። ብዝተራቐቐ ኣገባብ ድማ ንመዓናጡ መርሚሩ ወጽኢት ይህግር። እቶም ተመራመርቲ ነዚ ንምርግጋጽ ኣብ ሓሰማ ከም ዝፈተንዎን፡ ዕወት ኩይኑ ከም ዝረኸብዎን እዮም ዘብርሁ። እቲ ምህዞ ኣብ መጻኢ ብሰፊሑ ኣብ ኣገልግሎት ንኽውዕል ተስፋ ከም ዘሎ ድማ የረድኡ።

ኣብ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ዝውዕሉ ምህዞታት በብእዋኑ እናማዕበሉ ይመጽኡ ብምህላዎም፡ ኣብ'ዚ ዓውዲ'ዚ ምስ ዝተጸምዱ ክኢላታት ብምውህሃድ ምህዞታቶም ከማዕብሉ ምኳኖም፡ እቶም ተመራመርቲ ገሊጾም።



# ሓሳባት

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ሲ.ራክ ክፍለ

መበል 48 ክፋል

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ "ኣቋውማ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ዓ.ኣርእስቲ ንኣቋውማ ሃገራት ሱዳን፡ ኬንያ፡ ኡጋንዳ፡ ሶማል ድሕሪ ምምልካት ናብ "ኣቋውማ ሃገረ ኢትዮጵያ" ሰጊርና ካብ ዘመን ሃጼይ ምኒልክ ክሳብ ስርዓት ወያነ ተመልኪትና። ሕልሚ ዓባይ ኢትዮጵያ፡ ንጣ ኤርትራ ዘየብ ኣፍደገ ባሕሪ ናይ ምውናን ድሌትን ደገፍ ምዕራባውያን መሻርኽቱ'ምን፡ ሕልሚ ሪፑብሊክ ትግራይ፡ ሕማም ምስፍሕፋሕ ግዝኣታትን ተመልኪትና። መቐጸልታኡ ይስዕብ–*

### ኣቃውማ ክልላትን ጸገሙን

ኣብ ጥንቲ ርክብ ሰብት ወሰን ብምንባሩ እንዳታት ብመጠኑ ትርጉም ነይሩወን እዩ። ንኣብነት ኣብ 1900 ብዘሎ ህዝቢ ኤርትራ 220,000፡ ኣብሲያ (ኢትዮጵያ) ከኣ 5.5 ሚልዮን እዩ ነይሩ። ኣብ መላእ ዓለም፡ ቅድሚ 100 ዓመት ሰብ ኣነ ካብ እንዳ እከለ እየ ክብሉ ቀሊል'ዩ ነይሩ። ምስ ምብዛሕ ቁጽሪ ህዝቢ ግን ምትሕንፋጽ ምስ ካልኦት እንዳታት ጥራይ ዘይኮነ ካብ ርሑቅ ቦታ ምስ ዝመጹ ኸኣ እዩ። በዚ ምኽንያት ኣብዚ ዘለናዮ መዋእል፡ ንሰባትን ማሕበረሰባትን ዘዘምድ ደም ዘይኮነስ ናይ ሓባራዊ ተሞክሮን ታሪኽን ጥራይ እዩ። 100 ዓመት ድሕሪ ሃጼይ ምኒልክ ሎሚ ሰባት ሓደ ቋንቋ ስለ ዝዛረቡ ሓደ ኢትኒክ እዮም ምባል የዋህነት'ዩ።

ሓደ ብሄር ኣብ ልዕሊ ካልኦት ብሄራት ይምዝምዝ፡ ይሰምጽ፡ ይጭቁን ነይሩ ዝብሃል እውን ሓቅነት የብሉን። እቲ ሓቂ ካብ ሓደ ከባቢ ዝመጹ ነገስታትን መሳፍንትን ንኹሉ ኣብ ትሕቲኦም ዝነበረ ህዝቢ እንተላይ ነቲ ወገኖም ዝበልዎ ይምዝምዙ፡ ይሰምጹ፡ ይጭቁኑ ከምዝነበሩ እዩ። ካብ ጥንቲ እንተላይ ኣብ ግዜ ሃጼይ ሃይለስላሰ ዳርጋ መሬት ዝነበሮ ኣምሓራይ ሓረስታይ ኣይነበረን። መሬት ክልል ኣምሓራ 1/3 ብኦርቶዶክሳዊት ቤተክርስትያን፡ እቲ ዝተረፈ ብነገስታትን ራእሲታትን ገለ ንእስ ክፋል ከኣ ብዓሰከራቶም እዩ ዝውሃብ ነይሩ። ሃጼይ ምኒልክ ኣብ ክልል ኦሮሞ ምስ ኣስፋሕፈሐ ከኣ መሬት ኦሮሞ ንሓረስቶት ኣምሓራ ኣይሃባን ተዓዲሉ። ዝበዝሐ ክፋሉ ብመሳፍንቲ ኣምሓራ ገለ ከኣ ብመሳፍንቲ ኦሮሞ እዩ ተገቲኡ።

ኣቃውማ ክልልላትን ኣብኡ ዝነብር ህዝብን ብዝያዳ ንምርዳእ ናይ ኤሎይት-ደረጀን ጽሑፍ (Ethiopia in the twenty-first century – The structure and transformation of the population – Elot Ficquet and Dereje Feyissa) ክንወክስ ኢና።

### ክልል ኦሮሞ

ሓደ ካብ ሰለስተ ኢትዮጵያውያን ኦሮሞ'ዩ። ብመሰረት ቆጸራ ህዝቢ 2007፡ 3% ካብ ህዝቢ ኦሮሞ ልምዳዊ ሃይማኖት ዝኽተሉ ኮይኖም፡ 47.5% ኣመንቲ ምስልምና፡ 49.5% ኣመንቲ ክርስትና ኮይኖም ካብዚኦም 30.5% ኦርቶዶክስ፡ 17.7% ፕሮተስታንት፡ 1.3% ከኣ ካልእ ክፋል ክርስትና ዝኣምኑ እዮም። ናይ ኦሮሞ ልምዳዊ ሃይማኖት ዋቄፋና (Waaqefanna) ካብ'ቲ ዋቀ ዝብሃል ናይ ሰማይ-ፈጣሪ ዝመንጨወ እዩ። ገለ ምሁራትን ኣክቲቪስትን እቲ ናይ ዋቀፋና እምነትን ልምድታትን ከም ንግደት (pilgrimages) ንህዝቢ ኦሮሞ ዘተኣሳስር መንፈሳዊ ክብረታት እዩ ብምባል ኣብ መላእ ህዝቢ ኦሮሞ ክተኣታተዉን ክኽበርን ይጽዕሩ። ርጉጽ'ዩ እምነትን ልምዲታትን ህዝቢ ክዕቀብን ክምዕብልን መጀኢታዊ ማሰል ሰባት ጥራይ ዘይኮነ ኣገዳሲ ቅርሲ ሃገራት'ውን እዩ። ኣብ ዝተፈላለየ ከበታት ከም ዝተራእየ ግን፡ ሰባትን ማሕበረሰባትን ምስ ግዜ እናተቐየሩ ሓደሽ እምነትን ልምዲን የማዕብሉ እዮም። ገለ ኣክቲቪስትን ፖለቲከኛታትን ናይ ጥንቲ እምነትን ልምድን ናይ ገለ ክፋል ህዝቢ ኦሮሞ (ዋቆፋና) ከም ልምዲ መላእ ህዝቢ ኦሮሞ ንዓቕቦ ክብሉ ዝሰምዑ ብሓቂ ብዘዕባ እምነትን ልምድን ተገዲሶም ዘይኮነስ ታሪኽ ኣማኢት ዓመታት ንድሕሪት መለሶካ ሓደ ክፋል ህዝቢ ሓንቲ ሃገር ምስ ካልእ ንምፍልላይ ጥራይ እዩ። ክርስትና ወይ ምስልምና ንዘኣምን ሰብ መታን ሓደ ብሄር ክትከውን፡ ጥንታዊ ልምዳዊ ሃይማኖት ተኸተል፡ ክትብሎ ቅንዕና ኣይኮነን።

ህዝቢ ኦሮሞ ከም ኩሉ ህዝብታት ብማይደብት፡ እንዳታትን ቀቢላታትን ዝቖመ ህዝቢ እዩ። ናይ ጥንቲ እንዳታት ኦሮሞ፡ ኣብ ቦረናን (Borena) ባረንቱን (Barentu) ዝብሃል ኣመዳድባ ዝተኸፍላ እየን ነይረን። እዚ ማለት ኽፍሲ-ወከፍ እንዳ ናታ መጸወዲ ሃልዩዋ መስመር ወለዶኣ ኣብ ክልተ ይጠቓለል ነይሩ ማለት እዩ። ኣብ ጥንቲ ብዙሓ. ህዝቢ፡ ውሑድ ኣብ ዝነበረሉ ኣብ ክልተ ሰለስተ መስመር ወለዶታት ክትከፍሎም ይከኣል ነይሩ። ህዝቢ ብሚልዮናት ክቖጸር ምስ ጀመረ ግን፡ መስመር ወለዶታት ኣብ ክልተ ሰለስተ ምምቃል ቀሊል ኣይኮነን። ምስ ምንቅስቓስን ዕቤትን ብዙሓ. ህዝብን ምትሕንፋጻን እቲ ዝነበረ ክልተ መለለዪ መስመር ወለዶ ትርጉም ክህልዎ ኣይክእልን። ሎሚ ህዝቢ ኦሮሞ ምስ ዝነብርሉ ከባቢ ዝግለጽ፡ ብዙሕ መስመር ወለዶ እንዳታት ዘለዎ እዩ። እተን ዓበይቲ፡ ቦረና፡ ኣርሲ፡ ሃረርጌ፡ ቱለማን-መጫን፡ ካረዩ፡ ወሊጋ፡ ጊበ እየን። ካብ ኣብኡት ሓንቲ ካብኣም ቦረና ክንጠቅስ።

### ቦረና

ናይ ኦሮሞ ምሁራትን ኣክቲቪስትን ታሪኻዊ ልምዲ ህዝቢ ኦሮሞ ዓቂቦም ዝርከቡ ናይ ቦረና-ኦሮሞ እዮም በሃልቲ እዮም። ሓቅነት ዘለዎ'ውን ይመስል። እዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ምስ ምስፍሕፋሕ ሃጼይ ምኒልክ ዝተሓላለፈ እዩ። ሃጼይ ምኒልክ ካብኦም ብረት ዓጢቖም ዝነበሩ ነገስታትን መሳፍንትን ኦሮሞ ዓ.ተቓውሞ የጋጥሞ ነይሩ'ዩ። ንኦም ዝቃወምዎ ዝነበሩ ኣብ ውግእ ምስ ሰዓሮም ኣብ ግዝኣቶም ካብ ዝነብሩ ህዝቢ ብዙሓት ከም ግዱ ይሸጦም ነይሩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ መሳፍንቲ ቦረና ኣንጻር ሃጼይ ምኒልክ ብዙሕ ተቓውሞ ስለዘይገበሩ፡ ንኦም ዝነበሩ ዓበይቲ ዓዲ (ኣባ-ገዳ) ይኹን ንቲ ወሸጣዊ ምምሕዳሮም ኣየፍረሶን። እዮም ነበራት መሳፍንቲ ንሃጼይ ምኒልክ ግብሪ እናኸፈሉ፡ ማሕበርኦም ዳርጋ ከም ቀደሙ እዩ ቀጺሉ።

ዝበዝሐ ህዝቢ ቦረና፡ ካብ ቦታ ናብ ቦታ እናተንቀሳቐሰ ብመጓሰ ዝናበር እዩ። ቦረና ዝብሃል ከባቢ ዝተፈላለዩ ቀቢላታት ኦሮሞን ሶማልን ብብዝሒ ዝርከብዎ'ዩ። ብመሰረት ባሲን ቦኩን (Bassi and Boku Tache 2007) ኣብ ቦረና ብውሑዱ 5 ቀቢላታት ኦሮሞን ሶማልን ይርከቡ። ጉብራ (ኦሮሞ ዝዛረቡ)፡ ጉጂ (ኦሮሞ ዝዛረቡ)፡ ማርሄን (ሶማል ዝዛረቡ)፡ ደጎዲያ (ሶማል ዝዛረቡ)፡ ጋሪ (ኦሮሞን ሶማልን ዝዛረቡ)። እዞም ህዝቢታት ብዘይካ ዝዛረብዎ ቋንቋ ኣብ መሓበርኦም ብዙሕ ፍልልያት የብሎምን። ብፍላይ ጋራ ሶማልን ኦሮሞን ስለ ዝዛረቡ ካብኦም ካልኦት ኦሮሞ ክትፈልዮም ቀሊል ኣይኮነን። ኣብ ናብራ መጓሰ፡ ሰብ ማይ ኣብ ዝውሕደሉ እዋናት ብመጋሆጫን ማይን ሓሓሊፎም ምስ ተባኢሱን ምስ ተቓተሉን እዮም። ድሕሪ ባእሲ ከኣ፡ እቲ ሓደ ናይ'ቲ ሓደ ከበቲ ይዝምት። ህዝቢ ቦረና ከኣ ከምዚ እናበሉ ን400-500 ዓመታት ብሓባር ነቢሩ።

ኣብ ግዜ ሃጼይ ሃይለስላሰ ናይ ቦረና ኦሮሞ በቲ ስርዓት ተቐባልነት ስለ ዝነበሮም፡ ነቲ ከባቢ የመሓድርዎ ነይሮም። ኣብቲ ግዜ'ቲ ዝበዝሐ ናይ ሕርሻ መሬት ኣብ ትሕቲ መሳፍንቲ ኮይኑ፡ እቲ መጋሆጫ መሬት ግን ኩሎም ብዘይ ብዙሕ ባእሲ ይጥቀምሉ ነይሮም። ደርግ ኣብ ስልጣን ምስ መጸ "መሬት ንሓረሰኡ" ብምእዋጁ መሬት እንተላይ መሬት መጋሆጫ ናይ መንግስቲ ኮይኑ። ይኹን'ምበር ኣብ መሓበር እዮም ብመጓሰ ዝናበሩ ህዝቢ ብዙሕ ለውጢ ኣየምጽአን። ብሓጺሩ ኣብ ግዜ ዋሕዲ-ማይ ባእስን ግጭትን ደው ኣይበለን። ግን ምስ ግዜ ይፍታሕ ነይሩ።

ቦረና ዝብሃል ቦታ ኣብ ግዜ ሃጼይ ሃይለስላሰ ከም ኣውራጃ፡ ኣብ ግዜ ደርግ ከኣ ከም ኑብሱ ዝኽእል ምምሕዳር ዝወሰደ'ዩ ነይሩ። ወያነ ቀቢላዊ-ክልላት ምስ መስረቱ ገለ ክፋል መሬት ቦረና ዝነበረ ሊጥ፡ ኣብ ክልል ሶማልያ ከም ዝኣቱ ገይሮም። እዮም ወትሩ ኣብ ግዜ ዋሕዲ ማይ ዝባኣሱ ዝነበሩ ህዝቢታት ቦረናን ጋሪን ከኣ ንሓዋሩ ንኽይተዓረቑ ተወሳኺ ሳዓባ ተኻዕዩሉም። ምምሕዳር ብመሰረት ኢትኒካዊ መንነት ዝብሃል ከምዚ ናይ ቦረናን ጋሪን ሕቶ ኣብ ዝኾነ ቦታ ኣብ ኣፍሪቃ ከበስ ስለ ዝኽእል ብዝርዝር ክንርእዮ ክንፍትን።

ሊቃውንቲ ወያነ ኣብ በረኻ ኮይኖም ንሕልሚ ዓባይ ትግራይ ባይታ ንምጥጣሕ ብቐሊሉ ዘይፍታሕ ሓደገኛ ሕልምን ስጉምትን እዮም ወሲዶም። ኣብ ስልጣን ምስ መጹ ነቲ ፌደራላዊ ዝበልዎ ስርዓት ሕጋውነት ኣልቢሶም፡ ኣብ ኣርባዕተ ከሎ ኮይኖም መስመሪት ሓፍጢጦም እዚ ክልል 1፡ እቲ ክልል 2 እናበሉ ነቲ ክልላት ከኣ ናይ ብሄር ትግራይ፡ ኦሮሞ ወዘተ. ኢሎም መቐሊሞ። ባዕሎም ከም ዝበልዎ ኣብ ኢትዮጵያ ልዕሊ 80 ብሄራት ሃለዉ፡ ንመላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ትሕቲ 9 ክልላት ከም ዝወዛዕ ገይሮም (ኣዲስ ኣበባን ድሬዳዋን ገዲፍካ)።

ኣብ ኣርባዕተ ከሎ ኮይንካ ናይ ክልላት ሰእሊ ክትህንድስ ሓደ ነገር እዩ። ኣብ ባይታ ክትፍጽሞ ግን ዘይከኣል እዩ። ንኣማኢት ዓመታት ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካልእ እናተንቀሳቐሱ ዝነብሩ ሰባት፡ ኑዮም ሓደ እቲ ክረምቲ ቦታ ቀዋሚ ቦታኹም እዩ ኑዮም ካልኣይ ድማ እቲ ናይ ሓጋይ ቦታ ቀዋሚ ቦታኹም እዩ ምባል፡ ሰባት ተረዳዲኦም ብሓባር ከምዝይነብሩ ምግባር ጥራይ እዩ።

ወያነ ክልላት ምስ ኣቖሙ ኣብ መላእ ዶብ ኦሮሞን ሶማልን ምስሕሓብ ተፈጢሩ። ምቅትታልን ስደትን በዚሑ። ዳርጋ 10 ዓመት ምስ ኣናቖትዎ ድማ ነቲ ናዕቢ ንምህዳእ ተባሂሉ፡ ብሓደ ዝነብር ንዝነበረ ህዝቢ መንነት ብሄር ክሓርዩ፡ ብሕዳር 2004 ረፈረንዱም ኣካዪዶምሎም። ኣብ ርሑቅ ኳንኳ፡ ሰባት ባዕሎም መንነት ብሄር ይሕረዩ ምባል ቀሊል ይመስል። ኣብ ዝተዋለደ ህዝቢ ግን ንክልተ ኣሕዋት፡ 'ብሄር ኣጦኻ'ዶ ብሄር ኣደኻ ትመርጽ?' ማለት እዩ።

እዮም ናይ ክልል ኣመሓደርቲ ነቲ ወያነ ዝመደቦ ረፈረንዱም ፈቲዮም ደዩም ተገዲዶም ክቕበልዎ እንከለዉ ህዝቢ ብፍላይ ኣብ ኣከራኻሪ ቦታ ዝነብሩ ኣይተቐበልዎን። 'ገሰሞ ወይ ተሓሰሞ' ዝዓይነቱ ረፈረንዱም ኣብ 422 ቀበሌታት ተኻይዱ። ብመጀኢታዊ ብዙሓ. ድምጺ (simple majority 50% + 1)፡ ምምሕዳር ቀበሌታት ናይ ሶማል ወይ ኦሮሞ ተባሂሉ ተወሲኑ። ገለ ጸሓፍቲ ከም ዝበልዎ፡ ካብ ኬንያን ሶማልያን ከይተረፈ ሰባት እናመጹ ከም ዝነበርቲ ቀበሌ ተመዝጊቦም ምስ ኣድመጹ ናብ ቦታኦም እዮም ተመሊሶም። ናይ ቦረና ኦሮሞ ነቲ ረፈረንዱም ተቓዊሞሞ፡ ሶማሊ ኣይረኸቡን። እታ ዝዐመናት ክፋል ቦረና ዝነበረት ሊጥን ከኣ ኣብ ክልል ሶማል ኣትያ። 8 ቀበሌታት ካብዚኣን 4 ኣብ ከተማ ሞያሌ፡ ኣበይ ይውደቓ ምርድዳእ ስለ ዘይተበጽሐ ብሓባር ክመሓደራ ተወሲኑ፡ ካልእ ተወሳኺ ጸገም ድማ ፈጢሮም።

መራሕቲ ወያነ ነቲ ምሁራትን ኣክቲቪስትን ቀንዲ መንነት ኦሮሞ ዝበልዎ ቦረና፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ክውላዕ ዝኽእል ሓዊ ደጉሰምሉ። ከባቢ ቦረና ሓደ ካብቲ ቀንዲ ሰላም ዘይብሉ ከበታት ኢትዮጵያ ምኻኑ ከኣ ዘገርም ኣይኮነን።

ኣብቲ "ግርጭት ኣብ መንጎ ብምጕሓሚ ዝነብሩ ተቐመጥቲ ቦረና፡ ጉዳይ ቦረና ጋሪ" (Conflicts among Pastoralists in the Borana Area of Southern Ethiopia: The case of Borana and Garri: Tigist Kebede Feyissa) ዝብል መጽናዕታዊ ጽሑፍ ኢትዮጵያዊት ትግስቲ ከበደ ፈይሳ፡ ቃለ መሕተት ዝገበረትሎም ሽማግለ ቦረና፡-

"ብዛዕባ ምሕንጣጥ መሬት ኣይተሰማማዕናን። ሶማላውያን (ጋሪ) ታሪኻዊ መሬትና ወሲዶም። በዚ ሕጉሳት ኣይኮናን። ንመሬትና ኹ ንቃለስ ኣለና። ክልተ ናይ መጋሆጫ ከበቢ ሓደ ቱላ (ዓ.ዒላ) ብቦረና (ኣቦታትና) ቅድሚ 500 ዓመት ዝተፋሕረ ተወሲዱና። ሕጂ ነቲ ማይ ክንጥቀመሉ ኣይፍቀደልናን እዩ። ንህዝቢ ጋሪ (ሶማል) ከም ኣጋይሽ ኣእቲናዮም ሎሚ መሬትናን ማይናን መዚዮሙና። መሬትና ልዕሊ 200 ኪሎሜትር ክልል ሶማል እዩ ዝጸሐ" ኢሎም።

ካልእ ካብ ቀቢላ ቦረና ከኣ፡-

"እዚ ኢትኒካዊ-ክልላዊ ምምሕዳር ካብ ዝጀምር፡ ግርጭት ብዛዕባ መጋሆጫ መሬት ጥራይ ኣይኮነን ተፈጢሩ። መሬት መጋሆጫን ማይን ሓሓሊፉ ዘጋጥም ኮይኑ ሎሚ ቀንዲ ግርጭት ብዛዕባ ምሓዝ መሬትን ምስፍሕፋሕ ክልልን እዩ። ዕላማ ጋሪን ክልል ሶማልን ከም'ኡ እዩ" ይብል።

ካብ ቀቢላ ጋሪ (ሶማል) ከኣ፡-

"ግርጭት ካብ ጥንቲ ነይሩ እዩ። ቀደም ብዛዕባ መጋሆጫን ማይን እዩ ነይሩ። ሎሚ ግን ብዛዕባ ምውናን መሬትን ርእሱ ምምሕዳርን እዩ" ይብል።

ብዘይካ እዚ ጹሑፊት'ዚኣ ብዙሓት ካልኦት ዝሰማምዕሉ፡ ኣብ መንጎ ህዝቢ ቦረናን ጋሪን ብዛዕባ መሬት መጋሆጫን ማይን ምስሕሓብ ካብ ጥንቲ ነይሩ እዩ። ወያነ ቀቢላዊ-ክልልላዊ-ምምሕዳር ዝብሃል ነገር ካብ ዘተኣታትው ግን እቲ ግርጭት ኣብ ጥርዚ በጺሑ ብዙሕ ቅትለትን ስደትን ኣስዒቡ።

መራሕቲ ወያነን ልኡኻቶምን ብዛዕባ ኣብ ባይታ ዘሎ ኣቃውማ ኩነታት መሓበሮ ህዝቢ ከይተገደሱ ብዘመስሎም ዝሓንጠጥዎ ናይ ክልል ዶባት ህዝቢ ኣባኢሱ። ኣብ ኢትኒክን ቀቢላን ዝሆጸ ክልልን ምምሕዳርን ዘፈጥሮ ግርጭት መውዳእታ የብሉን።

ሎሚ ገለ ናይ ቦረና ምሁራትን ኣክቲቪስትን እቲ ወያነ ክልላት ኣብ ምቛም ዝተጠቐመትሉ መንነት ብምጥቃም፡ ናይ ኦሮሞ ክልል ረቡሓና ኣይሓሉን እዩ፡ ንሕና ካብ ካልእ ኦሮሞ ፍልይ ዝበልና ኢና፡ ባህልና፡ ልምድና፡ ሱሉኣእምሮኣዊ ኣተሓሳስባና፡ ታሪኽና ፍሉይ እዩ፡ ብምባል ቦረና ኑብሱ ዝኽእለት ክልል ክትከውን ይጽውዑ ኣለዉ። ሰባት ብትሕተ ሃገራዊ ደረጃ ክትፈላለ. እንተጀሚሮካ መውዳእታ የብሉን። ኣብ ሓደ እዋን ኢትኒክን ብሄርን ኣብ ካልእ እዋን ቀቢላ፡ ጺሒሑ ከኣ ብእንዳ ደረጃ ሰባት መንነት ዘፍናድልዩ ምኽንያት የለን። ሰባት ክልል ኮይኖም ግዝኣትን ገበርትን ሓደሞትን ከጠኦም ዝኾኑ እንተኾይኖም፡ ኣብ ዝኣሰ ደረጃ ወሪዶም ፍሉያት ኢና ዘይብልሉ ምኽንያት የለን። ንሕና ፍሉያት ኢና ዝዓይነቱ ጠለባት ኣብ ኢትዮጵያ እናበዝሐ ከም ዝኸይድ ኣየጠራጥርን። ደሮ'ውን ጀሚሩ ኣሎ። ሃገር ግን ፍልልይ ብምስፋሕን ማሕበራዊ ጉጅለታት ብምንቛትን ኣይትህነጽን እያ።

**ይቕጽል . . .**

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ድራማ |
| 09:35 | ሃለው ቀልዑ |
| 10:30 | ፓኖራማ |
| 10:10 | ለሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ጨራ ጥዕና፡- `ዕንጋለ ጸብ ጡብ ኣደ` |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መእዘን ልምዓት |
| 17:30 | ሳይዳ |
| 18:30 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ሄራር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | TECH IN-SIGHT |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 24:40 | ሃገራዊ መዝሙር |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሃብተሚካኤል ገብረመስቀል ጸጋይ ምባል ተረፉ፡ የናል ገብረመስቀል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ን17/10/23 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሐርያ ክፍላይ ድራር፡ ተጸዋዒ ኣቶ ሳልሕ ዐመር ዐሰማን ናይ ሞዘጉትት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን5/10/23 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ወረ/ፍ/ቀሺ ክፍላይ ገብረማርያም፡ ቀዳመይቲ በዓልቲ ቤቶም ወረ/ፍ/ሄ ጽጋይ ተከኤ ቀላቲ፡ ፍረወይኒ ክፍላይ ገብረማርያም 1. ኣልጋሽ ክፍላይ ገብረማርያም 2. ሃብተኣብ ክፍላይ ገብረማርያም 3. ሉተኪዳን ክፍላይ ገብረማርያም 4. መርሃዊት ክፍላይ ገብረማርያም 5. ሃብተጼን ክፍላይ ገብረማርያም ተጸዋዕቲ ወረ/ፍ/ቀሺ ክፍላይ ገብረማርያም፡ ቀዳመይቲ በዓልቲ ቤቶም ወረ/ፍ/ሄ ጽጋይ ተከኤ ቀላቲ ወረ/ፍ መንግስትኣብ ክፍላይ ገ/ማርያም 1.1 ፊሊሞን መንግስተኣብ ክፍላይ 1.4 ሶልያና መንግስትኣብ ክፍላይ 1.7 ናትናኤል መንግስተኣብ ክፍላይ ናይ ምቅሊት ውርሲ ክሲ ቀሪቡልኩም፡ ተጸዋዕቲ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ን12/10/23 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ፍልጡ፡፡

ከሳሲ ወረሰ/ነ/ሄር ሻምበል ኣብርሃ ሃብቱ፡ ዓንዱን ነ/ሄር ኣባ ገብረመድህን ተስፋማርያም ወረስቲ ስወእ ሃብተ ኣብርሃ ሃብቱ፡ ኣቶ ተስፋሚካኤል ሃብቱ፡ ተኸሰስቲ ወረ/ሄ ሻምበል ኣብርሃን ሃብቱ፡ ዓንዱን 1. ወ/ሮ ሙሉ ኣብርሃ 2. ኣቶ የውሃንስ ኣብርሃን 3. ኣቶ ሰለሙን ኣብርሃን 4. ወረስቲ ፍ/ሄርት ኢትዮጵያ ኣብርሃን 4.1 ኢዛና ማሳሕ ኣድ 4.2 ርቢል ማሳሕ 4.3 ኢያብ ማሳሕ 4.4 ያቆብ ማሳሕ 5. ኣቶ ሃደለ ኣብርሃ 6. ወረስቲ ስወእ ሃብተ ኣብርሃ 6.1 ዳናይት ሃብተ 6.2 ሚሮን ሃብተ ንምቅሊት ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ተኸሰስቲ ቁጽሪ 2, 3, 4.1 4.2 4.3 4.4 6.1 6.2 ድማ ኣብ ወሽጢ ሃገር ስለዘየለው፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዖም ን5/10/23 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየኹምሉ ክርአ ምዃኑ ፍልጡ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣኽርያ

ኣብ መንነ ከሳሲት ወ/ሮ ኣስመረት ረድኡ፡ ተኸሳሲ ኣቶ መድሃኔ ስዩም፡ ናይ ገዛ ማኪና ቁሰሌዳ ER-1 27612 ቁቻሲ VFJT 152LEEA000001062 ዋጋ 70.000 ናቕፋ (ሰብዓ ሽሕ ናቕፋ ብዕለት 21/08/2014 ውዕል መሸጣ ዝተገበረ፡ ተኸሳሲ ናብ ስመይ ክየመሓላልፈለይ ኣድራሻኡ ክርከብ ስለ ዘይከኣለ ይጸወዓለይ ስለዝበለት፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ እንዳ ገርግስ

ኣቶ የውሃንስ ሃይለስላሰ ተስፋይ፡ ወደይ ሸዊት የውሃንስ ስለ ዝተሰውአ፡ ኣነ ምስ ኣዲኡ ለተንስኤ ሃደለ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ትኳቦ የማኑ ሰዓረ፡ ሓፍተይ ወ/ሮ ኣበበ የማኑ ሰዓረ ስለ ዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ገዛባንዳ ፕሎት 285 ቁ.ፓርሰል ASP00035636 ፓርሰል AF ዚፕ ኮድ 1A756 ጎደና 764-4 ዋንኑት ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዪ ቁጉበረት 1BRASM004137 ብስም ሩት ኪዳ ኣብርሃን ጸገ ወልደየሱስ ኣባይን ዝተመዝገበ ናይ ሓባር ተራ-ገዛ፡ ካብዚ ፍርቁ ብምቅሊት ናብ ጸገ ወልደየሱስ ኣባይ ክመሓለለፍ ስለዝኾነ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት-ፍርዲ መአገዲ ሐዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ጸገ ወልደየሱስ ኣባይ

---

ኣነ ኣመልካቲት ትርሓስ መሓሪ ተድላ ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ቲራቮሎ ዚፕ ኮድ 1A754 ፕሎት 47 ፓርሰል Abis ጎደና ሂምባል ቁ.ገዛ 110/112 ስፍሓቱ 405.84 ት/ሜ ዝኾነ ቪላ-ገዛ፡ ዋንኑቱ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁጽሪ ምስክር ወረቐት 105145 መወከሲ ቁ.117642 ብስም ወለድና ኣፍ/መሓሪ ተድላ ተከኤን ኣፍ/ሮማን ተስፋማርያምን ዝተረጋገጸ ከምኡ'ውን ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብጉበረት ቁ.መዝገብ 49470/81108 ዝተመዝገበ፡ ናብ ወረስቲ ክመሓላለፍ ስለዝኾነ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት-ፍርዲ መአገዲ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ትርሓስ መሓሪ ተድላ

---

ወ/ሮ ለምለም ተወልደ ተድላ ዝተበሃልኩ፡ ኣብ "ኣስመራ" ዞባ "1"ምም 02' ጎደና እምባ ኤረር" ቁጽሪ ገዛ "41" ዝርከብ ገዛ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኮምሽን ኣባይቲ ብቁጽሪ ምስክር ወረቐት 109501 መወከሲ ቁጽሪ 118980/118981ብስም ወረስቲ ኣፍ/ ተወልደ ተድላ ተኽለይ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ናብ ስም ወረስቲ ኣመሓላለፍና ብዕለት 25/3/2016 ብቁጽሪ መዝገብ 86/2016 ብዘፈጸምናዮ ስምምዕ ምቅሊት ውርሲ ናብ በበጽሒትና ክመሓላለፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት-ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓኢታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሐዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ለምለም ተወልደ ተድላ

---

ኣነ ኣመልካቲ 1.ኮቲ ኣብ ምም/ዞባ መደሸቶ ዝርከብ ብስም ሓፍተይ ሶፍያ ሳልሕ ዝተመዝገበ ገዛ፡ 2. ኣብ ምም/ን ዞባ ኣባሻውል ከባቢ ገዛ ጣንዳ ሓበሻ ብስም ወላዲየይ ሳልሕ ሙሳ ማሕሙድ ዝተመዝገበ፡ 3. ኣብ ኣኽርያ ከባቢ እንዳ ገብርኤል ዝርከብ ገዛ ወላዲተይ ብስም ዛህራ እስማዒል ዝተመዝገበ ናይ 3ተ ገዛውቲ ሊብሬቶ ስለ ዝጠፍኣኒ፣ ብዕዳ ወይ ብኻልእ ጉዳይ ሐዚዎ ኣለኹ ዝበል እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ምስ ወጸአ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ኣብ ቤ/ጽ/ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ምስ ዘይቀርብ ካልእ ኦርጂናል ሊብሬቶ ክወጸኣ ምዃነይ እሕብር፡፡

ኣቶ ሙሳ ሳልሕ ሙሳ

---

ብስም ወረስቲ ኣፍ/ዓቕሉ ዘይኑ ዘድንግል ኣቶ ጀዝር ሰዒድ ኢብራሂም ምስ 2 ኣሕዋቶም ኣብ ኣስመራ ዞባ 8 ምም/05 ጎደና 676 ቁ/ገዛ 66 ዝርከቡ፡ ኣብ ዞባ 8 ምም/05 ጎደና 676 ቁ/ገዛ 66 (ን/ዞባ ኣኽርያ) ብኮምሽን ኣባይቲ ብቁ/ምስክር ወረቐት 122253 መወከሲ ቁጽሪ 138455/138675 ዝተመዝገበ ስለዝጠፍኣና፣ ብዕዳ ሐዚዎ ወይ ድማ ረኺበዮ ኣለኹ ዝበል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብ 07152551 ደዊሉ ክረኽበና፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክሓትት ምዃንና እሕብር፡፡

ወራ/ኣፍ/ዓቕሉ ዘይኑ ዘድንግል
ኣቶ ሱልጣን ሙሳ ሸኽ መሓመድ

---



### ምስጋና

ብምኽንያት ሞት ክብርቲ ኣዴና ወይዘሮ ሃይማኖት ገብረሂወት ክፍለ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ኣብ ሆስፒታልን ገዛን ብምምልላስ ዝሰዓሕኩማ፡ ኣብ ግዜ ዕረፍታ ድማ ክሳብ ዓዲ ጎዳጉዲ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛ ብምምልላስ ከምኡ'ውን ካብ ወጻኢ ሃገር ብምድዋል ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘና ከምዝዋጸና ንሕብር፡፡

በዓል ቤታ ኣፍሰዘር ኣፈወርቂ
ሃብተማርያም ምስ ምሉኣት ስድራቤት

---



### ምስጋና

ብምኽንያት ሞት ኣዚና እነፍቅራ ክብርቲ ኣዴና ወ/ሮ ሓረጉ ሓድጉ ጊላጋብር ኣብ መካነ መቓብር ጸጸራት ዘቃበርኩምናን፡ ኣብ ገዛና ብምምጻእ ከምኡ'ውን ኣብ ወሽጢ ሃገርን ወጻእን ብተሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ቤተሰብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ንገልጽ፡፡

ደቃ ምስ ምሉኣት ስድራቤት

---

ኣብ ከተማ ኣስመራ እትርከቡ ንግዳዊ ትካላት፡ ናይ ውልቅን ማሕበራትን ኩባንያታትን ከምኡ'ውን መንግስታዊ ትካላት፡ ብሞዚባን መለክዒታትን እተገልግሉ ወሃንቲ ሚዛናት ምስ ከሎታት፡ ሊትሮታትን፡ ሜትሮታትን ኣውቶማቲክ ሚዛናትን ወዘተ ኣብ ቤት ጽሕፈትና ትካል ደረጃታት ኤርትራ ድሕሪ ሲነማ ሮማ ጎረቤት ኢምባሲ ጥልያን ኣቕሪብኩም ንኽትመርምሩ ብትሕትና እናሓበርና፡ ኣብ ግዚኡም ኣቕሪብም ዝዩመርመሩ ግን ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ክንወስድ ምዃንና ብተወሳኺ ንሕብር፡፡

ትካል ደረጃታት ኤርትራ

---

### ምልክታ ንወነንቲ ብርኪ ኤርትራኮ

ፍሉይ ሓፈሻዊ ኣኼባ ወሃንቲ ብርኪ ኤርትራኮ ብርካዊ ማሕበር፡ 16 መስከረም 2023 ካብ ሰዓት 08:30 ጀሚሩ ኣብ ኣዳራሽ ቤት ምኽሪ ንግዲ ኤርትራ ክተየድ መደብ ኣሎ፡፡ ኣብ'ዚ ዕለት ምልኣት ጉባኤ እንተዘይ ተረኺቡ፡ ዝቐጽል ኣኼባ ዕለት 23 መስከረም 2023 ኮይኑ፡ ኣብ'ዚ'ውን ምልኣት ጉባኤ እንተዘይ ተረኺቡ፡ 30 መስከረም 2023 ብዝተረኸበ ብዝሒ ተሳተፍቲ ኣኼባ ክተየድ እዩ፡፡
ስለዚ ኩልኹም ወሃንቲ ብርኪ ኤርትራኮ ወይ ሕጋውያን ወኪላት፡ ኣብ ላዕሊ ኣብ ዝተጠቐሰ ቦታን ሰዓትን ክትርከቡ ብኽብሪ ንዕድም፡፡

ቦርድ ኤርትራኮ

---

ኣነ ኣቶ ኣተሽም ደብሳይ ተስፋገርግሽ +5 ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ኣስመራ ዞባ "6" ን/ዞባ "09'ጎደና 807 ቁ.ገዛ 129 ቁ.ሎታ 30 ቁጽሪ ፓርቸላ E ዝርከብ ገዛ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኮምሽን ኣባይቲ ብቁጽሪ ምስክር ወረቐት 104857 መወከሲ ቁጽሪ 103703 ብስም ወለድና ኣፍ/ ደብሳይ ተስፋገርግሽ ወልደሚካኤልን ኣፍ/ ኣምለሰት ገብረስላሴ ዓጽመገርግሽን ዝተመዝገበ፡ ወለድና ካብዚ ዓለም ብሞት ስለዝተፈለዩ፡ ናብ ስም ወረስቲ ክመሓላለፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓኢታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሐዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ኣተሽም ደብሳይ ተስፋገርግሽ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY

# VACANCY ANNOUNCEMENT

## Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Senior Mine Geologist
Number required – (01)
Type of contract – Indefinite

### Major Duties and responsibilities.

- Assist Chief Geologist to develop geological systems and procedures to deliver quality geological services to the Asmara Mining Share Company (AMSC) mines.
- Ensure that the life of the mine plans are fully optimized to maximize economic recovery of the resource by providing a high quality service to our customers and to be the custodian of the AMSC mineral resource estimates and the Knowledge Centre for geo-statistical and estimation skills.

### SHEC

- Ensure that all employees are aware of their SHEC responsibilities and follow company policies and procedures.
- Develop a risk management approach to the team activities and ensure that high risk controls are in place.
- Support the creation of a workplace culture where staff are committed to working safely.
- Ensure that all SHEC actions are completed on time and to the required standard.

### Mine Geology and Geotechnical

- Establish, maintain and update the grade control models for each mine
- Ensure that the grade control methods are fit for purpose for each of the commodities at Asmara.
- Document the grade control management which incorporates Standard Operating Procedures for grade control.
- Generate in conjunction with Mine planning daily ore dig plans for execution by mine operations
- Ensure that the RC drill rigs are operating efficiently and supporting the mine plan at least 3 months ahead.
- Develop a ROM stockpile management strategy and reconciliation procedures.
- Liaise with the processing team and provide them with information to assist with maximizing metal output.
- Develop and establish Geotechncial program to meet long term operational requirements
- Assist Chief Geologist to develop and manage a geological database for Asmara Mining Share Company.
- Construct and maintain structural and rock domain models

### Reporting

- Ensure that all mine geology reporting (weekly, monthly, quarterly) is completed on time and to a high standard.
- Develop a reconciliation system and report the performance on a monthly basis.
- Ensure that the geology of the Asmara pits are documented as the understanding of the deposit develops.

### Quality

- Ensure that the grade control practices are supported by quality assurance in the field.
- Ensure that the mill feed meets the quality requirements to support the processing team.
- Develop procedures for collection and analysis of QAQC data to ensure compliance with industry codes.
- Liaise with the Laboratory Superintendent to ensure that the on-site analytical laboratory is compliant with industry best practice.

### Data Collection

- Responsible for transformation and maintenance of existing data or acquisition of new data as required.
- Ensure that data collection methods are sound and supported by systems, quality control and training.

### Analysis

- Identify technical study projects that provide operational or financial improvements to the operation.
- Undertake geological, statistical and geostatistical analysis and interpretation of data.
- Develop and understand the geological controls of AMSC deposits and identify opportunities for resource extensions.
- Ensure that the lithological, structural and mineralization interpretations are updated on a regular basis.
- Provide technical advice to other parts of Mining Department on resource related topics.
- Provide technical advice on geology, resource and estimation topics to other AMSC departments.
- Provide technical input to strategic and feasibility studies.

### Documentation

- Document each technical study project and report conclusions to end users. Tailor documentation of project technical requirements to ensure that all end users are informed of outcome.
- Ensure that all technical study project documentation is added to the technical library.
- Document the resource estimation process undertaken annually.
- Define standards for the generation, storage and documentation of technical reports.

### Human Resource Management

- Manage the work performance of employees reporting directly into this position.
- Identify training and development needs in line with the personal development plans and company objectives.
- Ensure that all team members are appropriately trained and assessed so that they can safely perform.
- Manage people's expectations so that they are in-line with the companies' goals.
- Provide mentoring and coaching to the Eritrean workforce in resource estimation related topics.

### Administration

- Assist Chief Geologist to manage department roster.
- Manage rosters of reports in line with expat or local employee standards as applicable.
- Act as Chief Geologist in his absence as a when required.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

- BSc Geology.
- MSc Geology is desirable.
- Membership of a recognized international mining or geological professional organization e.g. AusIMM, SAIMM, SME.

Working Experience – Nature & Length

- Minimum 10 years' experience in Metalliferous Mining Industry
- Advanced knowledge of 3D mining software packages including grade estimation, wire framing, geo-statistics and block modelling.
- Experience in database development, management and maintenance.
- 5+ years working in large open pits.
- 3+ years working as a Senior Mine Geologist
- Underground mining and exploration experience is desirable.
- Knowledge of VMS and other base metal mineral deposit styles.
- Thorough understanding of mine geology data collection methods, production planning and open pit mine design.
- Expatriate experience in Africa

Technical Skills

- Advanced MS Office (Excel, Access, Word & PowerPoint).
- Advanced mining software user, preferably Datamine.
- Technical Report Writing.
- Presentation skills.
- Resource estimation and validation skills.
- Thorough understanding of sampling theory and practice.
- Thorough practical understanding of assaying methods.
- RC Drilling practices.
- Grade reconciliation practices.
- Open pit production and grade control practices.
- Stockpile management
- Analytical techniques (QA/QC).

Behavioral Skills

- Communication (English).
- Analytical skill.
- Interpersonal relation skills.
- Accuracy.
- Attention to detail.
- Management skill.
- Ability to train and mentor team members.
- Sensitivity to confidential information.
- Commitment to maintaining safety standards.
- Performance management.
- Understands the cultural sensibilities of Eritreans.
- Good written and verbal English communication skills.

General Information and other requirements:

* Place of Work: Asmara Office & AMSC Sites
* Type of contract: Indefinite Period
* Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

* Address: Please mail your applications to;
Asmara Mining Share Company,
P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea

* Note to Non-Eritrean applicants:
Please send a copy of your application to
Aliens Employment Permit Affairs,
P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሻምፕዮን ኣትለቲክስ ዓለም ኣብ ናይ መወዳእታ መድረኹ

ተሰፋልደት መብራህቱ
በዓፐስት ሃንጋሪ

ርእሲ ከተማ ሃንጋሪ ዝኾነት ቡዳፐስት ተኣንግዶ ዘላ ሻምፕዮን ኣትለቲክስ ዓለም 2023፡ ጽባሕ ሰንበት ብዙሩዩ ዝተፈላለዩ ውድድራት መጋረጃኡ ብወግዒ ክዐጹ'ዩ። ኣብዚ ናይ ጽባሕ ናይ መዛዘሚ ውድድር፡ ሃገራዊት ጋንታ ኣትለቲክስ ኤርትራ ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ናይ ማራቶን ውድድር ክትጽመድ'ያ። ኤርትራ ኣብዚ ውድድር ብሰለስተ ኣትሌታት ማለት ኦሎምፒካውያን ኣትሌታት ጎይትኦም ክፍለን ዑቕበ ክብሮምን ከምኡ'ውን ብኣትሌት ብርሃ ጸጋይ እያ ክትውከል። ኣብ 2019 ኣብ ዶሓ ቀጠር ኣብ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ ውድድር ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ወደዩ ሓያል ብቐዓት ዘርኣየ ኣትሌት መርሃዊ ከስተ እውን ከም ተጠባባቒ ኣትሌት ኮይኑ ናብዚ ውድድር መጺኡ ኣሎ። ናይ ደቂ ተባዕትዮ ናይ ማራቶን ሃገራዊት ጋንታ ኣትለቲክስ ኤርትራ፡ ናብ ትማሊ ዘውገሐ ለይቲ እያ ከተማ ቡዳፐስት ኣትያ። ድሮ'ውን ትማሊ ናይ ቀዳማይ ቀትርን ናይ ድሕሪ ቀትርን ፈኰስ ልምምድ ኣካይዳ ኣላ።

ኤርትራ ኣብ ሻምፕዮን ኣትለቲክስ ዓለም ይኹን ኣብ ውድድራት ኦሎምፒክ ኣብ ውድድር ማራቶን፡ ልክዕ ከም ካልኦት ሃገራት ብምሉእ ኮታ ክትሳተፍ ካብ እትጀምር ነዊሕ ግዜ ሓሊፉ ኣሎ። ብዓበኡ ኣብ 2015 ብመንገዲ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ግርማይ ገብረስላሴ ዘውዲ ሻምፕዮን ምስ ደፈኣት፡ ሕልፊ ካልኦት ሃገራት ኣርባዕተ ኣትሌታት ከተወዳድር'ዩ ዕድል ተዋሂብዋ ነይሩ። እዞም ኣትሌታት ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ብዛዕባ ብዙሩዩ ጸዕሪ ደማ ዘተባብዕ ወጽኢት ክርከቡ ተኻኢሉ'ዩ።

ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ጎይትኦም ክፍሉ፡ ኣብዚ ናይ ሰንበት ውድድር ከም መራሒ ኮይኑ ንኣባላት ሃገራዊት ጋንታ ኣትለቲክስ ኤርትራ ኣብ ምውህሃድ መሪሕ ተራ ክጻወት እንጽበዮ ኣትሌት'ዩ። እዚ ኣትሌት፡ ኣብ 2009 ኣብ ኢጣልያ ኣብ ዝተኻየደ ሻምፕዮን ኣትለቲክስ ዓለም ትሕቲ 18 ዓመት'ዩ ጉና ብንኡሱ ከሎ ኣብ 3 ሽሕ ሜትር ንሃገሩ ኑሓስ መዳልያ ኣጫዚሙ። ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ጎይትኦም ክፍለ 2፡05፡28 ናይ ውልቁ ዝበለጸ ሰዓት'ዩ ዘለዎ። ንሱ ኣብዚ ግዜ ኣብ 2020 እዩ ኣብ ቫለንሽያ ማራቶን ኣመዝጊብዎ። ኣብ መወዳእታ ወርሒ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ደጊሙ ኣብዚ ውድድር ኣብ ዝተሳተፈሉ'ውን 2፡06፡09 ብለጽ ግዜ ክዝርም ከም ዝኽእል ሰዓት ናይቲ ኣትሌት የረድኡ። እዚ ንእሽቶ ሓው ናይ'ቲ ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ኣትለቲክስ ኤርትራ ወደዩ ሓመሽተ ግዜ ኣብ ሻምፕዮን ኣትለቲክስ ዓለም ዝተሳተፈ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት የናስ ክፍለ ዝኾነ ኣትሌት፡ ኣብዚ ዓመት ናብ ደቡብ ኮርያ ብምኻድ ኣብ ደገ ማራቶን ተወዳዲሩ ነይሩ እዩ። ኣብቲ ውድድር ከኣ 2፡08፡09 ግዜ ብምምዝጋብ ሻዱሻይ ተርታ ክሕዝ ክኢሉ ነይሩ። ስለዚ እዚ ኣትሌት፡ ሃብታም ተመክሮ ተጠቒሙ ኣብ ዓወት እዛ ሃገራዊት ጋንታ ዓቢ ግደ ክጻወት ክንጽበዮ ኢና።

ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ዑቕበ ክብሮም ዋላ'ኳ ኣብ ውድድር ኣትለቲክስ ከም ጎይትኦም ነዊሕ ተመክሮ እንተዘይብሉ፡ ኣብ ሓጺር እዋን ግን ኣብ ነዊሕ ርሕቀት ብኣድማዕነት ክጎይዩ ካብ ዝኸኣሉ ኤርትራውያን ኣትሌታት ሓደ'ዩ። እዚ ወዲ 25 ዓመት ኦሎምፒካዊ ኣትሌት፡ ኣብዚ ዓመት እቲ ዝቐልጠፈ ናይ ኤርትራ ናይ ማራቶን ግዜ ክሰንድ በቒዑ ኣሎ። ዑቕበ ብ19 መጋቢት 2023 እዩ ኣብ ባርሰሎና ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ማራቶን 2፡05፡51 ግዜ ብምህራምን ራብዓይ ተርታ ብምሓዝን ነዚ ክብሪ በቒዑ። እዚ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ኦሪገን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ዝተኻየደ ሻምፕዮን ኣትለቲክስ ዓለም፡ ድሮ እቲ ውድድር ናይ ጭዋዳ ምጭብባጥ ኣጋጢምዎ ክነሱ ብ2፡09፡02 ግዜ መበል 16 ተርታ ሒዙ ነቲ ውድድር ክውድኦ ዝኸኣለ ኣትሌት፡ ንማራቶን ብትሕቲ 2 ሰዓትን 6 ደቒቓን ሉሚ ዓመት ጥራይ ኣይኮነን ወዲእዎ። ኣብ 2020 እውን ኣብ ቫለንሽያ ኣብ ዝተኻየደ ናይዚ ርሕቀት ውድድር፡ 2፡05፡53 ግዜ ብምህራም ንሓጺር እዋን ሃገራዊ ክብረ-ወሰን ክሕዝ ክኢሉ ነይሩ'ዩ። ኣብ ኦሎምፒክ ቶክዮ ንፈለማ ግዜ ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ክወዲ ዕድል ዝረኸበ ኣትሌት ዑቕበ፡ ኣብ 21 ኪሎሜትር ከምኡ'ውን 42 ኪሎሜትር ዝያዳ ኣህጉራዊ ተመክሮ ዘለዎ ኣትሌት'ዩ። ኣብዚ ናይ ጽባሕ ውድድር ከኣ ብልጫኡ ተጠቒሙ ብለጽ ወጽኢት ከመዝግብ ትጽቢት ይግበረሉ።

ኣብዚ ውድድር፡ ሳልሳይ ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ወደዩ ዝወዳደር ኣትሌት ብርሃ ጸጋይ እዩ። እዚ ኣትሌት ቀዳማይ ክልተ ዓመት ኣብ መንደፈራ ኣብ ዝተኻየደ ሃገራዊ ውድድር ፍርቂ ማራቶን፡ ንዓበይቲ ኣትሌታት ሃገርና ራሕሪሑ ዘውዲ ሻምፕዮን ከም ዝደፈአ ኣይርሳዕን። ኣብዚ ዓመት ድማ፡ ሓደ ካብቶም ብለጽ ብቕዓት ወኒኖም ዘለዉ ኤርትራውያን ናይ ነዊሕ ርሕቀት ተወዳደርቲ ምዃኑ'ዩ ዘረጋግጽ። ኣትሌት ብርሃ ጸጋይ፡ ቀዳማይ ኣርባዕተ ወርሒ ማለት ብ2 ሚያዝያ 2003 ኣብቲ ኦሎምፒካዊት ኣትሌት ናዝሬት ወልዱ ሰለስተ ክብረወሰናት ዝሰበረትሉ ደገ ማራቶን ከም ዝተሳተፈ ይፍለጥ። ንሱ ኣብዚ ውድድር 2፡07፡21 ግዜ ብምህራም ተሸላሚ ኑሓስ መዳልያ ክኸውን በቒዑ ነይሩ'ዩ። በዚ ኸኣ ህሉው ቀመና ናይቲ ኣትሌት ጸቡቕ ከም ዘሎ ክትግምግም ኣይትጽገምን። ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ኣብ ኣስትርያ ኣብ ዝተኻየደ ሲንዝ ማራቶን ብ2፡07፡23 ምስ ቀዳሞት 5 ኣትሌታት ኮይኑ ውድድሩ ዝወድአ ኣትሌት ብርሃ፡ ኣቐዲሙ'ውን ኣብ ማዕቢት ናይቲ ዓመት ብ2፡08፡23 ተዓዊቱ ኮፐን ሃገን ማራቶን ኮይኑ'ዩ። ካብ 2013 ኣትሒዙ ኣብ ዝበርኸ ናይ ፍርቂ ማራቶንን ናይ ማራቶንን ውድድር ምስ ቀዳሞት 10 ብሉጻት ኣትሌታት ኮይኑ ውድድሩ ዘውድእ ኣትሌት ብርሃ ጸጋይ፡ ካብ 2017 ኣትሒዙ'ዩ ኣብ ኣህጉራዊ ውድድራት ማራቶን ክጎዪ ጀሚሩ። ምስ'ዞም ኣቐዲሞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ኣትሌታት ኮይኑ ኣብዚ ናይ ጽባሕ ውድድር ንዓወት ሃገራዊት ጋንታ ኣትለቲክስ ኤርትራ ከም ዝሰርሕ ደማ ዘጠራጥር የለን።

ከም ተጠባባቒ ናይዞም ኣትሌታት ኮይኑ ተመሪጹ ዘሎ ኣትሌት መርሃዊ ከስተ እዩ። እዚ ኣትሌት፡ ሓደ ካብቶም ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት ኣብ ውድድር ማራቶን ርኡይ ለውጢ ዘምጽኡ ኣትሌታት ምዃኑ'ዩ ዝኣመት። ኣትሌት መርሃዊ ከስተ ኣብ 2021 ኣብቲ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ህዝቂል ተወልደ ሃገራዊ ክብረ-ወሰን ዝሓዘሉ ኣምስተርዳም ማራቶን ውድድሩ ምስ ቀዳሞት 10 ኣትሌታት ኮይኑ ኣብ ርእሲ ምውድኡ፡ ብ2፡06፡36 ግዜ'ውን ናይ ውልቁ ዝበለጸ ሰዓት ከመዝግብ ክኢሉ'ዩ። እዚ ኣትሌት፡ ኣብ ሉተቲት ናይዚ ዓመት ናብ ጃፓን ከይዱ ኣብ ኦሳካ ማራቶን ኣብ ዝበርኸ ውድድር፡ ብ2፡07፡06 ግዜ ክዝርም ብምኽኣሉ'ዩ ናብ ቡዳፐስት መጺኡ ዘሎ። ዝሓለፈ ዓመት ደማ ኣብ ሸወደን ስቶክሆልም ማራቶን ተሸላሚ ብሩር መዳልያ ክኸውን ብምኽኣሉ፡ ካብ ብዙሓት ወዳናት ናእዳ ክትርፍ ክኢሉ'ዩ። መርሃዊ ኣብ ናይ ርሑቕ ርሕቀት ውድድር ኣብ ዝኣተወሉ ዓመታት፡ ብፍላይ ኣብ ፍርቂ ማራቶን ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ቀዳማይ ተርታ ሒዙ ውድድሩ ክፍጽም ክኢሉ ነይሩ'ዩ።



ሃገራዊት ጋንታ ኣትለቲክስ ኤርትራ፡ ዝም ኣትሌታት ሒዛ'ያ ጽባሕ ብኣቆጻጽራ ሰዓት ሃገርና ልክዕ ሰዓት 8፡00 ቀዳማይ ቀትሪ ኣብ ጎደናታት ቡዳፐስት ኣብ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኣህጉራዊ ውድድር ክትጽመድ። ኣብዚ ውድድር ብለጽ ግዜ ዘመዝግቡ ኣትሌታት፡ ንዓመታ ኣብ ኦሎምፒክ ፓሪስ ክእትዎም ዘኽእል ሚኒማ ክረኽቡ'ውን ይኽእሉ'ዮም።

## ሃገራዊ ውድድር ፍርቂ ማራቶን 2023 . . .

ዓመታዊ ዝቖጸ ሃገራዊ ውድድር ፍርቂ ማራቶን (21 ኪሎ ሜተር)፡ ጽባሕ ሰንበት ኣብ ሰዓታት ቀዳማይ ቀትሪ ኣብ ከተማ ባረንቱ ክካየድ እዩ።

ኣብ'ዚ ልዑል ተወዳዳርነት ጉዳይምን መንእሰያትን ኣትሌታት ክረኣየሉ ከምዝኽእል ዝግለጽ ውድድር፡ ካብ ኩለን ዞባታትን ክለባትን ደንደን ሚኒስትሪ ምክልኻልን ዝመጽኡ ኣትሌታት፡ ብኸልተኡ ጾታ ክሳተፉ ምዃኖም ተፈሊጡ ኣሎ። በዚ ኣጋጣሚ፡ ሃገራዊ ፌደረሽን ኣትለቲክስ፡ ኣፍቀርቲ ስፖርት ከተማ ባረንቱን ከባቢኣን ኣብ ጎደናታት ብምውጻእ ክዕዘቡዎን ኣትሌታት ከተባብዑን ምጽዋዕ፡ ጸብጻብ ህዝባዊ ርክብት ኮሚሽን ባህሊን ስፖርትን ኣረዲኡ።

## "ሳላሕ፡ ክጸንሕ እዩ" ክሎፕ

ዓላሚ ሊቨርፑል የርገን ክሎፕ፡ ወሳኒ ተጻዋታይኡ ሞ ሳላሕ ምስኦም ክቕጽል ምዃኑ ብምግላጽ፡ ነቲ ናብ ክለባት ስዑዲ ዓረብ ክሰጋገር እዩ ዝብል ሓዲሽ ዜና መልሲ ሂቡሉ።

ስዑዳዊት ክለብ ኣል-ኢቲሓድ፡ ነዚ ግብጻዊ ኣጥቃዓይ ከተፈርሞ ድሌት ከምዘለዋ ዝሓለፈ መዓልታት ተቓሊሖ ነይሩ እዩ። ይኹን'ምበር፡ ኣቐዲሙ ክልተ ተጻወትቱ ማለት ሀንደርሰንን ፊቢኒዮን በቲ ሊግ ዝተመንጠለ ክሎፕ፡ ዳግማይ ንሳላሕ ከምዝይከስሮ ብርእሰ ተኣማንነት ይገልጽ ኣሎ።

"ሳላሕ 100 ሚእታዊት ንጋንታና ወፋይ እዩ" ዝበለ ክሎፕ፡ "ብዛዕባዚ ንዛረበሉ ኣቡት የለን። ንሱ (ንሳላሕ እዩ) ኣገዳሲ ተጻዋታይና እዩ። ኣገዳሲ ኮይኑ እውን ክቕጽል እዩ።" ክብል፡ ትማሊ ኣብ ዝበርኾ ጋዜጣዊ መግለጺ ኣፍሊጡ።

ሊቨርፑል፡ ነዚ ዝሓለፈ ዓመት ሓዲሽ ናይ ሰለስተ ዓመታት ውዕል ዘፈረሙ ተጻዋታይ፡ ብዘኾነ መጠን ገንዘብ ክትሸጦ ድሌት ከምዘይብላ ይእመት። ኣቐዲሙ'ውን ራሚ ኣባስ ዝስሙ ወከል እዚ ግብጻዊ፡ "ሳላሕ፡ ኣብ'ዛ ዓመት ንሊቨርፑል ክሓድጋ መደብ እንተዝህሉ'ረና፡ ዝሓለፈ ክረምቲ ሓዲሽ ውዕል ኣይምፈረምናን።" ክብል፡ ነዛ ክለብ ምጽዋት ብዝተወፈይት ክቕጽሎ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ኣብ 2017 ካብ ሮማ ናብ'ዛ ክለብ ዝተጸምበረ ሳላሕ፡ ዛጊት ኣብ 307 ግጥማት ማልያኣ ክለብስ እንከሎ፡ 187 ሽቶታት ኣመዝጊቡላ እዩ። ኣብ ዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ፕሪመር ሊግ፡ ሱፐር ካፕን ካልኦትን ዝርከብዎም ብርክት ዝበሉ ጸዋኣት እውን ኢዱ ኣንቢሩ እዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ክሎፕ፡ ጽባሕ ናብ ኒውካስል ተጓዒዞም ኣብ ዘካይድዎ ጸወታ፡ ተኸላኻሊኦም ኢብራሂማ ኮናተ ምስላፉ ኣጠራጣሪ ምዃኑ ሓቢሩ። እንተ'ቲ ኣንጻር ቦርንማውዝ ኣብ ዝተጻወቱሉ፡ ብቐጥታ ቀይሕ ካርድ ብምብራሩ ንሰለስተ ግጥማት ካብ ምስላፍ ክበኩር ምዃኑ ዝተገልጸ ማክኣሊስተር ግና፡ ሊቨርፑል ይግባይ ድሕሪ ምባል መቕጻዕቱ ስለ ዝተሰዓለ፡ ንክሎፕ ቅሳነት ሂብዎ ኣሎ። "ዓቢ ኣፎይታ እዩ" ብምባል ደማ እቲ ዓላሚ ይገልጽ። ሊቨርፑል፡ ዛጊት ሓንቲ ማዕረ ብምውጻእ ሓንቲ ድማ ብምዕዋታ፡ ኣርባዕተ ነጥቢ ኣኪባ ትርከብ።

## ቀይሕ ባሕሪን ደንደንን ተዓዊተን

ኣብ ኣጋ መፈጸምታ በጺሑ ዘሎ ሻምፕዮን ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ብሓሙስ ኣብ ዝቐጸለ፡ ንዋንጫ ዝመጣጠራ ዘለዋ ደንደንን ቀይሕ ባሕሪን ተዓዊተን።

እግሪ እግሪ ደንደን ትስዕብ ዘላ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣንጻር'ታ ሓንቲ ካብ መቐናቕንታ ዝኾነት ኣስመራ በራ እያ ተጋጢማ። ይኹን'ምበር፡ ቀይሕ ባሕሪ፡ ቀዳማይን ድሕሪን ዕረፍቲ ካብ የናታን ኣረኣብን ደሽን ግብጻዊን ብዘመዝገብዎን ክልተ ሽቶታት 2-0 ተዓዊታ። ደሽን ከኣ፡ ብለጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ። ቀይሕ ባሕሪ፡ ነጥባ ናብ 43 ክብ ብምባል፡ ንምጥም እታ ድሕሪኣ ዝተጻወተት ደንደን ኣብ ምዕዛብ ኣትያ።

ሰዓት ኣርባዕተ፡ ደንደን ኣንጻር'ታ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ንቀይሕ ባሕሪ ነጥቢ ዘኸሰረታ ኣልታሕረር እያ ተጻዊታ። ደንደን፡ ዓወት ቀይሕ ባሕሪ ፈሊጣ ብምእታዋ፡ ነጥቢ ከይተጥፍእ ጸቕጢ ገይራ ነይራ። እንተኾነ፡ ደንደን ኣብ ታሽዐይቲ ደቒቕ ካብ ተኸላኻሊኣ የሴፍ ጸጋይ ብዝረኸበታ ሽቶ ንዕረፍቲ 1-0 መሪሓ እያ ወጺኣ።

ኣብ ካልኣይ ፍርቂ ጸወታ፡ ኣልታሕረር ሽሕ'ኳ ጸቡቕ ተወዳዳርነት እንተኣርኣየት፡ ሽቶ ከተመዝግብ ግና ተኣኪማ እያ። ብመንጽሩ፡ ደንደን ኣብ መበል 61 ደቒቕ ብመገዲ ሮማል ዓብዱ መራሕነታ እተደልድል ሽቶ ረኺባ። ድሕሪ ኣርባዕተ ደቓይቕ እውን ሰረቅ መብራህቱ ንወጽኢት ናብ 3-0 ዘዕረገት ሽቶ ኣመዝጊቡ - ጸወታ ኸኣ ብጠፈሕ ዓወት ክለብ ደንደን ተዛዚሙ። በዚ ኸኣ፡ የሴፍ ጸጋይ ብለጽ ተጻዋታይ ክጽዋዕ እንከሎ፡ ደንደን ከኣ ንገለ ደቓይቕ ከሲራቶ ዝበረት ናይ መሪሕነት ቦታኣ ዳግማይ ተመሊሳቶ። ደንደንን ቀይሕ ባሕሪን ሰንበት ኣብ መዛዘሚ ዕለት ወሳኒ ጸወታ ይጸንሓ'ን።



ደንደን ዋንጫ ንምልዓል ክልተ ዕድል ማለት ምዕዋትን ማዕረን ከዋጽኣ እንከሎ፡ ቀይሕ ባሕሪ ግና ክትዕወት ጥራይ እዩ ዘለዋ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ቀዳማይ እዘን ክልተ ጸወታታት፡ ኩጥንያ ሰገንን ኩጥንያ ሰምባልን ተጻዊተን ነይረን እየን። ኩጥንያ ሰምባል ከኣ ድሕሪ ዕረፍቲ ካብ ሄርሞን እስቲፋኖስ፡ ሴም መብራህቱን ዳኒኤል ንጉሰን ብዝቖጸረቶን ሽቶታት 3-0 ተዓዊታ። ዳኒኤል ንጉሰ ድማ ብለጽ ተጻዋታይ ተሰምዩ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ሻምፕዮን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል
ዕዳጋ ሓሙስ ኣንጻር ማይ ተመናይ 12፡00 ድ.ቀ
ኣዱሊስ ኣንጻር ኩጥንያ ሰገን 2፡00 ድ.ቀ
ማይ ተመናይ ኣንጻር ኩጥንያ ሰምባል 4፡00 ድ.ቀ

**ፕሪመር ሊግ**

ቦርንማውዝ - ቶተንሃም 2፡30 ድ.ቀ
ሰዓት 5፡00 ድ.ቀ
ኣርሰናል - ፉልሃም
ብሬንትፎርድ - ክሪስታል ፓላስ
ኤቨርተን - ዎልቭስ
ማን ዩናይትድ - ኖቲንግሃም
ብራይቶን - ዌስት ሃም 7፡30 ምሸት

**ሰሪ'ኣ**

9፡45 ምሸት
ሀላስ ቬሮና - ሮማ
ኤሲ ሚላን - ቶሪኖ

**ላ'ሊጋ**

ሰቪያ - ጂሮና

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ፓኪስታን - ሚልዮናት ህጻናት ንሕጽረት ማይ ተቓሊዖም

ኣብ ፓኪስታን፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ከቢድ ዕልቕልቕ ድሕሪ ምኽሰቱ፡ ልዕሊ 4 ሚልዮን ህጻናት ኣታ ሃገር ሕጽረት ጽሩይ ዝስተ ማይ ኣጋጢምዎም ከምዘሎ ትካል 'ዩኒሰፍ' ገሊጹ።

ዩኒሰፍ፡ ኣብ ፓኪስታን ዝሓለፈ ዓመት ብሰንኪ ዝተኸስተ ከቢድ ዕልቕልቕ ልዕሊ 20 ሚልዮን ዜጋታት ተጸበይቲ ረድኤት ኮይናም ምህላዎም ድሕሪ ምሕባር፡ ብዙሓት ካብኣቶም ኣብቲ ብዕልቕልቕ ዝተጠቕዐን ውሑስ ዝስተ ማይ ኣብ ዘይብሉ ከባቢታትን ይነብሩ ምህላዎም ኣረዲኡ።



ዝበዝሑ ብቲ ዕልቕልቕ ዝተሃስዩ ህጻናት ዛጊት ዝኾነ ሓገዝት ይብጽሖም ከምዘየለን፡ ዘለውዎ ኩነታት ብመንግስቲ እኹል ቆላሕታ ከምዘይተዋህቦ፡ ወኪል ዩኒሰፍ ኣብ ፓኪስታን ዓብዱላህ ፋዲል ሓቢሩ።

ኣብ 2022 ኣብ ፓኪስታን ዝተኸስተ ዕልቕልቕ፡ ንቑጠባዊ ቅልውላው እታ ሃገር ከምዘብኣሶ ዝጠቕሱ ጸብጻባት፡ ከም ውጽኢቱ ሓያሎ ስድራቤታት መሰረታዊ ጠለባተን ክሽፍና ተጸጊመን ምህላወን የመልክቱ።

ኣብ ዓለም ተኸሲቱ ዘሎ ክሊማዊ ለውጢ፡ ብሓፈሻ ኣብ ደቡብ ኤስያ ብፍላይ ድማ ኣብ ፓኪስታን ከቢድ ማሕበራቑጠባዊ ጸገማት ኣኸቲሉ ከምዘሎ ትካል ዩኒሰፍ ወሲኹ ገሊጹ።

ኣብ ፓኪስታን ኣፍጋኒስታንን ህንድን ብቲ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ዕልቕልቕ ዝተሃስዩ ኣስታት ርብዒ ቢልዮን ህጻናት ጠመተ ክግበረሎም ዝጽውዕ ዘሎ ትካል ዩኒሰፍ፡ እተን ሃገራት ኣብ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ህጻናት ዝፍጽሕ ወፍሪ ክዓቢ ኣተሓሳሰበ።

## መራሕቲ ህ.ሪ. ቻይናን ህንድን ብጉዳይ ኣከራኻሪ ዶብ ዘትዮም

ፕረዚደንት ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ሺ ዢ ፒንግን ቀዳማይ ሚኒስተር ህንዲ ናረንድራ ሞዲን፡ ኣብ ዶብ ክልቲኦን ሃገራት ዘሎ ወጥሪ ንምህዳእ ከም እተሰማምዑ ተገሊጹ።

እቶም መራሕቲ ኣብቲ ስምምዕ ዝበጽሑ፡ ኣብ ዋዕላ መራሕቲ ሃገራት 'ብሪክስ'ን መሳርኽቲ ሃገራትን ንምስታፍ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ብኣካል ኣብ ዝተራኸብሉ እዋን እዩ።

መራሕቲ እዘን ብዝለዉን ብዝሒ ህዝቢ ኣብ ቅድሚት ዝስርዓ ሃገራት፡ ብኣካል ተራኺቦም ዝዘተዩሉ እዋናት ሒደት ምዃኑ ጸብጻባት የመልክቱ።


ንቻይናን ህንድን ዘከራኽር ሓባራዊ ዶባት ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ጠንቂ ምፍሕፋሕ ኮይኑ ምጽንሑ ዝፍለጥ እዩ። ኣብ 1962፡ ክልቲኤን ሃገራት ብሰንኪ ናይ ዶባት ምስሕሓብ ናብ ግጭት ከምዝምርሓ'ሞ እቲ ጉዳይ ብዋዕት ቻይና ከምእተዛዘመ ታሪኽ ይሕብር።

ቀዳማይ ሚኒስተር ሞዲ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣብ ዶብ ቻይናን ህንድን ሰላም ምስፋን ከም'ኡ'ውን ንሕግታት ሓሶባዊ ክልል ዶባት እተን ሃገራት ምኽባር፡ ንዝምድና ህንድን ቻይናን ናብ ንቡር ክመልሶ ከምዝኽእል ገሊጹ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ህ.ሪ. ቻይና ዋንግ ዪ ብወገኑ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ዝምድና ክልቲኤን ሃገራት ንረብሓ ክልቲኦም ህዝብታት ዘገልግል ክኸውን፡ ኣብቲ ዞባ ሰላም ንምስፋን ክልቲኤን ሃገራት ክሰርሓን ድሌት ፕረዚደንት ፒንግ ከምዝኾነ ኣስሚሩሉ።

ዝሓለፈ ሰሙን፡ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ክልቲኤን ሃገራት ብጉዳይ ዶብ ኣመልኪቶም መበል 19 ዙርያ ዝርርብ ከምዝተዓዩ ይፍለጥ።

ቻይናን ህንድን ልዕሊ 3,500 ኪሎ-ሜተር ዝንውሓቱ ብጥበት ዘይተመልከተ ኣከራኻሪ ዶብ ከምዝለወን እዩ ዝግለጽ።



## ብሪጣንያ፡ ኣብ ዛዕባ ሰብ-ሰርሖ ብልሒ ዋዕላ ተኣንግድ

ኣብ ብሪጣንያ፡ ኣብ ዝመጽእ ወርሒ ሕዳር ዝተፈላለያ ሃገራት፡ ፍሉጣት ኩባንያታት ሰብሰርሖ ብልሒን (ኤ.ኣይ) ክኢላታት ምርምርን ዝሳተፍዎ ኣብ ውሑስ ምዕባለን ኣጠቓቕማን ቴክኖሎጂ ሰብሰርሖ ብልሒ ዘተኮረ ዋዕላ ክካየድ ምዃኑ ተገሊጹ።

እቲ ከም ዓቢ ዓለማዊ ፍጻመ ተጠሚቱ ዘሎ ዋዕላ፡ ኣብ ምግታእ ሓደጋታት ሰብ-ሰርሖ ብልሒ ክዘቲ ትጽቢት ይግበር። ብሰንኪ ሰብሰርሖ ብልሒ - ሓደጋታት ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን፡ ኣህጉራዊ ስጉምቲ ኣብ ምውሳድ ዝሕግዝ ውሳኔታት ክሕለፍ እውን ግምት ኣሎ።

እቲ ኣብ ብሪጣንያ ንኽካየድ ዕቱብ ምድላዋት ዝግበረሉ ዘሎ ዋዕላ፡ ሃገራት ኣንጻር ሓደጋታት ቴክኖሎጂ ሓቢረን ክቃለሳን መለክዒታት ድሕነት ክሕንጽጻን ከኽእለን ምዃኑ ተሓቢሩ።

ቴክኖሎጂ 'ኤይ.ኣይ' ቁጠባዊ ዕብየት ንምሕያልን ሳይንሳዊ ምዕባለ ንምስፋሕን ወሳኒ ኣበርክቶ ከምዘለዎ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ብሓላፍነት እንተዘይ ተሰሪሑሉ ግና ሓደጋታት ከስዕብ ከምዝኽእል ይግለጽ።

መጠኒ 'ኤይ.ኣይ'፡ ኣብ እዋን ካልኣይ ኲናት ዓለም ኣብ ከተማ ብሌችሊ - ብሪጣንያ ኮይኑ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ዝተፈላለየ ኮድ ዝሰበሩ ብዙሓት ክኢላታት ቴክኖሎጂ ዝማዕበለ ምዃኑ ይግለጽ።




## ኣውስትራልያን ፊሊፒንስን ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ኣካዪደን

ሓይልታት ኣውስትራልያን ፊሊፒንስን ዝሓለፈ ዓርቢ ኣብ ጥቓ ባሕሪ ደቡብ ቻይና ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ከምዝተዓዩ ተገሊጹ።

እቲ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ካብቲ ቻይና እትቈጻጸሮ 'ስካርቦሮ ሾል' ዝተባህለ ብናይ ዓሳ ፍርያት ኣዝዩ ሃብታም ዝኾነ ቦታ ኣስታት 240 ኪሎ ሜተር ንምብራቕ ርሒቑ ኣብ ዝርከብ መደበር ሓይሊ ባሕሪ'ዩ ተኻይዱ።

ቻይና ነቲ ገምገም ካብ 2012 ኣትሒዛ ትቈጻጸሮ ከምዝላ'ዩ ዝግለጽ።

ፕረዚደንት ፊሊፒንስ ፈርዲናንድ ማርኮስ፡ ብዘዕባ'ቲ ምስ ሚኒስተር ምክልኻል ኣውስትራልያ ሪቻርድ ማርለስ ብምዃን ዝተዓዘቦ ልምምድ ክገልጽ እንከሎ፡ "ኣብቲ ስትራተጂያዊ ውድድር ዝርኣየሉ ዞባ ከምዚ ዓይነት ልምምድ ምኽያድ ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ" ክብል ገሊጹ።

እተን ሃገራት ናይ ኣየር፡ ባሕርን መሬትን ዘጠቓለለ ሰፊሕ ወተሃደራዊ ልምምድ ከካይዳ እዚ ናይ ፈለማ ምዃኑ እዩ ጸብጻባት ዘመልክቱ።

ኣብቲ ልምምድ ኣስታት 1200 ወተሃደራት ኣውስትራልያን 560 ፊሊፒናውያንን ከምእተሳተፉ ተሓቢሩ።

ፊሊፒንስ፡ ኣብዚ ሰሙንዚ ምስ ኣባል ሃገራት ደቡባዊ ምብራቕ ኤስያ ኣብቲ ዞባ ክትግበር ብዝጸበ ዘሎ ሓባራዊ ኣካዪዳ ኣመልኪታ ኣኼባ ኣእንጊዳ ምንባራ ይፍለጥ።



## ኒጀር፡ ሓይልታት ማሊን ቡርኪናፋሶን ክኣትዉ ኣፍቂዳ

ኣብ ኒጀር፡ ካብ ዝኾነ ግዳማዊ ሓይሊ መጥቃዕቲ ምስ ዝፍጸም፡ ዕጡቓት ሓይልታት ማሊን ቡርኪናፋሶን ኣብታ ሃገር ጣልቃ ክኣትዉ ካብቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ወተሃደራዊ መንግስቲ ፍቓድ ከምእተዋህበ ተሓቢሩ።

እዚ ዝተሓበረ ዝሓለፈ ሓሙስ - ኒጀር፡ ማሊን ቡርኪናፋሶን ኣብ ዘውጽኣኦ ሓባራዊ መግለጺ እዩ።

ምስ መራሕቲ ዕልዋ መንግስቲ እታ ሃገር ንምዝርራብ ጻዕርታት ክካየድ ምጽንሑ ዝገለጸ ውድብ ቁጠባ ምዕራብ ኣፍሪቃ (ኢኮዋስ)፡ ኣብ ኒጀር ሕገመንግስታዊ ስርዓት ንምምላስ ዲፕሎማስያዊ ጻዕርታት እንተዘይተዓዊቱ፡ ሰራዊት ንምልኣኽ ድሉው ከምዘሎ እዩ ዘጠንቀቐ።

ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ሰለስቲኤን ሃገራት ነዚ ዝገለጹ፡ ኣብ ርእሰ ከተማ ኒጀር- ኒያመ ተራኺቦም ኣብ ጸጥታን ካልኦት ሓባራዊ ጉዳያትን ምትሕብባር ሰለስቲኤን ሃገራት ንምዕባይ ኣብ እተዘራረብሉ እዋን እዩ።

ኣብቲ ሰለስቲኦም ሰቡመዚ ዝሃብዎ መግለጺ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ብጀነራል ዓብዱራሕማን ቲያኒ ዝምራሕ መንግስቲ ኒጀር ዝወሰድ ናይ ሓይሊ ስጉምቲ ከም ዘይቅበልዎን፡ ኣብ ልዕሊ ኒጀር ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ምስ ዝፍጸም፡ ሃገራቶም ጣልቃ ብምእታው ኣብ ጎድኒ ሓይልታት እታ ሃገር ደው ከምዝብላን ኣፍሊጦም።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ኪዳ ምሕረት | 26/08/2023 | ጎደና ሰሓርቲ -835 ቁ.115፡ ክባቢ ቤ/ትምህርቲ ሰምበል | 07113046 |
| ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ | | | ቁ.ቴሌፎን 127565 |

Sabur Printing Services